# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.92 | ረቡዕ 17 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣፋዊ ታሪኽን ሓሶትን ዝቐረጾ ግጉይ ባህሊ ፖለቲካ ኢትዮጵያ


ገጽ 4
ባዕላዊ ገምጋም ስራሕ


ገጽ 9
ዋሕዚ ዓወት


ገጽ 11
ቅነ ስፖርታዊ ውድድራት ኣእዚ ምክትታል ስሚን...



## ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢ ዘትዩ


ስእሊ-ፊልሞን ተካበ



ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ንመምርሒታትን ኣዋጃትን መንግስቲ ብጥበእ ፈሊጦም፡ ንጸፈትን ስሉጥትን ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ክሰርሑ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣዘኻኺሩ።

ካብ 4 ክሳብ 14 ታሕሳስ ንኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ምምሕዳራት ከባቢ ንኡሳን ዞባታት ደቀምሓረ፡ ጸሮና፡ ሰገነይቲ፡ ማይ-ዓይኒ፡ ዓዲ-ቐይሕን ሰንዓፈን ኣብ ዝዘኻ ኣስተምህሮ፡ ኣቶ ሃብተኣብ፡ ምምሕዳራት ከባቢ ምስ ህዝቢ ብቐረባ ዝሰርሓ መሓውራት መንግስቲ፡ ስለዝኾና፡ ዘካይድኦ ንጥፈታት ኣብ መምርሒታትን ኣዋጃትን ዝተመርኮሰ ክኸውን ከምዘኾኖ ኣስሚሩሉ።

ብመሰረት ኣዋጅ መሬት ቁጽሪ 58/1994፡ መሬት ናይ መንግስቲ ምዃኑ፣ ማሳል ተጠቀምትን ከኣ እቲ ኣዋጅ ብዘደንግጎ ኣብ ግብሪ ምውዓል ከምዘኾኖ ብምንጻር፡ ኣብ መንጎ ዓድታት ዘጋጥም ምስሕሓብት ከምኡ'ውን ብውልቀሰባት ዝፍጸም ጥሕሰታት ግቡእ ፍታሕ ንኽረኽቡ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክዓዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ምምሕዳራውን ልምዓታውን መደባት ማጠቃለሉ ምምሕዳራት ከባቢ ከምዘሎዋ ብምግላጽ ድማ፡ ኮማዊ ተሳትፎ ብምዕዛዝ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕ፣ ሕርሻውን ትሕተ-ቅርጻውን ንጥፈታት ንምሕያል፣ ከምኡ'ውን ባህርያዊ ኣከባቢ ንምዕቃብ ብውህደት ክሰርሕ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ርክብ ግቡእ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ከምዝሕግዞም ብምሕባር፡ ሕጽረታት ኣብያተ-ጽሕፈት ምምሕዳራት ከባቢ ንምፍዋስ፡ ምምሕዳር ዞባ እጃሙ ክበርክት ተላቢዮም።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝጥርነፉ 232 ምምሕዳራት ከባቢ ኣለዋ።

## ማሕበር ኤርትሮ-ጀርመን፡ ምርኢት ባዛር ወዲቡ


ስእሊ-ዳኒኤል ወልዱ

ማሕበር ኤርትሮ-ጀርመን፡ ብምኽንያት ቅንያት ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን፡ ካብ 11 ክሳብ 14 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ምርኢት ባዛር ወዲቡ።

እዚ ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ዝቐረበ ምርኢት፡ ስርሓት ካይላ፡ ማእለማ፡ ዕንቍ፡ ፈትሊ፡ ቁርበትን ላኻን፣ ዝተፈላለየ ዓይነታት መግቢ፣ ልዕሊ 50 ዓመት ዘቑጸረ ንብረት፣ ከምኡ'ውን ክዳውንትን ጫማታትን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ኤርትሮ-ጀርመን ኣቶ ሳሙኤል ብርሃኑ ኣብ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት ገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ማሕበር ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ትምህርትን ኣቶ ዮኤል ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጀርመንን ዘሎ ማሕበራውን ባህላውን ምትእስሳር ንምስፋሕን ንምዕማቑን ከም መራኸቢ ድንድል ኴንካ ምስራሕ፡ ራኢን ተልእኾን ማሕበርም ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣምባሳደር ፈደራላዊ ረፐብሊክ ጀርመን ኣብ ኤርትራ ሚስተር ቶራልፍ ፒልዝ ድማ፡ ነቲ ምርኢት ንዝወደቡ ኣካላት ብምምስጋን፡ እቲ መደብ ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት ባህላዊ ምልውዋጥ ንምኽያድ ዓቢ ዘርፊ ክኸውን ዘለዎ ጸጋ እምበት ገሊጹ።

## ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት፡ መበል 60 ዓመት ምምስራቱ ጸንቢሉ

ቤት-ጽሕፈት ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ መበል 60 ዓመት ምምስራት ናይ'ቲ ትካል ጸንቢሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣባላት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ትማሊ 16 ታሕሳስ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ዜናን ከም ማእከል ዝነበረ ሕሩም ሕዝእቲ ወኪን ዑደት ኣካዪዶም።

ኣብ'ዚ ዑደት፡ ዝምልከቶም ክኢላታትን ሓለፍትን፡ ብሸርክነት ንዘዋም መደባትን ጽልዋኡ ኣብ ባይታን ዝምልከት መብርሂ ሂቦም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ - ምምሕዳር ከባቢ ወኪ ዝርከብ ከም ማእከል ዝነበረን መርኣያ ፕሮጀክት ዘላቒ ምሕደራ መሬት ዝኾነን ሕሩም ሕዝእቲ፡ ኣብ 2010 ዝተበገሰ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ 2013 ልምዓታዊ ንጥፈታት ክካየደሉ ዝጀመረ'ዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ ኢንጂነር ሙብራህቱ እያሱ ኣብ ዘሎመያ መልእኽቱ፡ እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ዘላቕነት ውሑስ ኣከባብን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ዝጠመረ ሓባራዊ ራእዩ ደጊምና እነረጋግጸሉ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ወኪል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ፓ ላሚን በየይ ብወገኑ እቲ ብምኽንያት መበል 60 ዓመት ምምስራት ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ዝተወደበ ዑደት፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ብሽርክነት ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ብኣካል ንምዕዛብን ንምግምጋምን ከምዝሕግዝ ብምሕባር፡ ብበጽላቱ ዝዀነባብሮ ዘሎ ኣተባባዒ ስራሓት ንዝለዓለ ምትሕግጋዝ በሪ ከምዝኸፍቱ ኣረዲኡ።


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር

ዜና

# ጋሽ ባርካ - ምህርቲ ሕርሻ ንምዕባይ ዝተተግበረ መደባት ተገምጊሙ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ምህርቲ ሕርሻ ብዓይነትን መጠንን ንምዕባይ ኣብ 2025 ብዙሓትፎ መሻርኽቲ ኣካላትን ኮምን ንዝተተግበረ መደባትን ኸሲጋሱን ብምግምጋም፡ ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ዝዘተየ ኣኼባ ብ11ን 12ን ታሕሳስ ኣብ ባረንቱ ተኻዪዱ።

ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ “መኣዘዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ” ዝብል ሽቶ ንምስማር ንዝተዓመ መደባት ብሓፈሻ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፣ ኩነታት ማሕረስን ዝተሓፍሰ ምህርትን፣ ከምኡ’ውን ረብሓታት ቤት-ትምህርቲ ሓረስቶት ኣብ ግራት ሓረስቶትን ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዕን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣብብከር ዐሰማን፡ ኣብ ክረምቲ 2025 ኣስታት 60 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ክሕረስ ዝኽእል መሬት ከምእተሓርሰ ብምጥቃሱ፡ ኣብ



መብዛሕትኡ ከባቢታት ዝናብ ኣብ ርእሲ ምድንጓዩ ኣብ ወርሒ ሓምለ እኹል ዝናብ ብዘይምውቃዑ፡ ስፍሓት ዝተሓርሰ መሬትን መጠን ዝተሓፍሰ እቶትን ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ከምዝጐደለ ኣብሪሁ።

ብዘይካ’ዚ፡ ካብ ጠቕላላ ዝተሓርሰ ስፍሓት ልዕሊ 221 ሽሕ ሄክታር ብመስኖ ተጠቃምነት፣ ልዕሊ 49 ሽሕ ሄክታር ድማ ብንግዳዊ ክረምታዊ ሕርሻ ከምእተሓርሰ፣ ብመስኖኣዊ ሕርሻ ካብ ዝለምዐ ልዕሊ 6,400 ሄክታር ከኣ ልዕሊ 1 ሚልዮን ኩንታል ኣሕምልትን 226 ሽሕ ኩንታል



ፍረታትን ከምእተሓፍሰ፣ ከምኡ’ውን ሓደስቲ ጼጋታት ከምእተሰርሓ ተሓቢሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ብወገኑ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝሎ ሕርሻዊ ጼጋታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ልዑል ሕርሻዊ ፍርያት ክርከብ ትጽቢት ከምዝግበር ብምጥቃሱ፡ ሰብሞያ ሕርሻ ምስ ኩሎም መሓውራት መንግስቲ ተወሃሂዶም፡ ንሓረስቶት ማእከል ዝገበረ ተሰቲዩ መደባት ክተግብሩ ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ እኹል ዝሕረስ መሬትን ሞያውያን ሕርሻንን እንተለው፡ መጠን ዓመታዊ ፍርያት ከም’ቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ከምዘይኮነ ብምጥቃሱ፡ ዝርግሐ ሰብ ሞያ ሕርሻ ናብ ምምሕዳራት ከባቢ ክበጽሑ፣ ኣወዳደባ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ክኸለሰ፣ ከምኡ’ውን ንሓረስቶት ግርሁኦም ናይ ምድልዳል ሓላፍነት ዘሎዎም ሜላ ክተኣታቶ ምዃኑ ሓቢሩ።

# ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ ዓመታዊ ገምጋሙ ኣካዩዱ

ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ደቡብ ትግበረ ናይ’ቲ ኣብ 2025 ክዕመም ዝተወጠነ መደባት ስራሕ ዝግምግም ኣኼባ ብ11 ታሕሳስ ኣብ ሰንዓፈ ኣካዪዱ።

ሓላፊ ናይ’ቲ ጨንፈር ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሕሉፍ መደባት ብደቂቕ ምግምጋም፡ ብልጫታትካ ዓቂብካ ዝበርኸ ወጽኢት ንምምዝጋብ ወሳኒ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ንጹር ራኢ ዘለዎም ብቑዓት መንእሰያት ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ እጃሙ ከበርክት ጸዊዑ።

ኣብ’ቲ ገምጋም፡ ብዝተፈላለየ ውዳበታት ዝተተግበረ መደባት፣ ፖለቲካዊ ንቕሓት መንእሰያት ንምሕያል ዝተወደበ ኣስተምህሮታት፣ ንጥፈታት ምህዞን ስነዓን፣ ከምኡ’ውን ስፖርታዊ ውድድራትን ቀንዲ መንእሰያትን ዝምልከት ጸብጻባት ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ንቕሓት መንእሰያት ንምብራኽን ቅኑዕ ማእዝን ንምትሓዝምን ዝሰላሰል መደባት



ክድፋኣሉ፣ ሕጽረት ክእለት መንእሰያትን መሰልጠኒ ማእከላትን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ኣበርታውያን መንእሰያት ዝተባብዑሉ መንገዲ ክፍጠር፣ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ተጀሚሩ ዘሎ ፈስቲቫላት ድማ ክቕጽል ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽከር ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ ምእላይን ምህናጽን መንእሰያት ሓላፍነት ናይ ኩሉ ስለዝኾነ፡ ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ ወፍሪ ኣብ ክንዲ



ስእሊ-መሓመድ ኣይፈራሕ

ብዙሕ ብወህደት ምስ ዝካየድ ዝያዳ ኣድማዒ ከምዝኸውን ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ተሳተፍቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ዝርከብ ታሪኻዊ ቦታታት በጺሖም፡ መጠራን ከስከስን ከምዝበጽሑ፡ ወከልት ኤሪና ሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም  ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ  ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ባጽዕ - ቅነ ልግሲ ደም ተኻዪዱ

ኣብ ባጽዕን ከባቢኣን ዝርከብ ትካላትን ጨናፍር ሚኒስትሪታትን፣ ሓይሊ ኣየርን ሓይሊ ባሕርን፣ ምምሕዳር ዞባን ንኡስ ዞባን፣ ከምኡ’ውን ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ዕውት ቅነ ልግሲ ደም፡ ካብ 6 ክሳብ 14 ታሕሳስ ተኻዪዱ።

ኣቦመንበር ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ጨንፈር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ተስፋዝጊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 8 ኣቐጣጫታት ብዝተኻየደ ንጥፈታት፡ ልዕሊ 700 ከረጺት ደም ከም እተለገሰ ኣረዲኡ።

ኣብ ባጽዕን ጊንዳዕን ተሓጺሩ ንዘጸንሐ ንጥፈታት ልግሲ ደም ናብ ኣፍዓበትን ናቕፋን ንምስፋሑ ይሰራሕ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ተወልደ፡ እቲ ዕማም ብመንጽር ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ክሊማን ዘተኣሳስር ወጽኢት ይርከቦ’ኳ እንተሎ፡ ኩነታት ኣየር ኣብ ግምት ብምእታው ደም ዝቕዳሓሉ ኣዋርሕ ውሱን ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ተራ መሻርኽቲ ክብርኽ ኣዘኻኺሩ።

እቲ መደብ፡ ምስ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ጨንፈር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዝተወደበ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ብወገኑ፡ ቀጻሊ ብዝካየድ ኸንዳሳት ኣብ ልግሲ ደም ዝጸንሐ ንቕሓት እናበርከ ይመጽእ ከምዘሎን ኣብ ምስሳን ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ልዑል ኣበርክቶ ይገብር ምህላዉን ኣጺሩ።

ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ጨንፈር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ 2015 ዝቖመ ኮይኑ፡ ቍጽሪ ኣባላቱ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ይበጽሕ።



ስእሊ ኢብራሂም ዑመር

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣፋዊ ታሪኽን ሓሶትን ዝቐረጾ ግጉይ ባህሊ ፖለቲካ ኢትዮጵያ

ብየማነ ኣብሰሎም
(redseabeacon.com)



ኣብ ፖለቲካዊ ታሪኽ ዘመናዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትሕቲ ኩሎም - ሃጺያውን ወተሃደራውን ድሕሪኡም ዝተቐላቐሉን ተኸታተልቲ መንግስታት ዝተራእዩ ግዝኣቲ ኣርካናት፡ ሓይሎም ንምድልዳል ልብ ወለዳዊ ኣፈ ታሪኽን ዝተማህዘ ናይ ሓሶት ዛንታን ክጥቀሙ ጸኒሖም እዮም። ሳሕቲ ንግዚያዊ መኽሰብ ተባሂሉ ዝፍጠር ሓሶት ወይ ፍርቂ ሓሶት ኣይኮነን፡ ከም ስርዓት ተቐሪጹ ዝቐመ ግዝኢ ባህሊ እዩ።

መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ቅልውላው ዘይሕጋውነት፡ ህዝባዊ ተቓውሞ ወይ ምብትታን ሃገር ከጋጥሞም እንከሎ፡ ምልኪ ዘንጸባርቑ ምሩጻት ቃላት ብምድግጋም፡ ካብ ጽውጽዋይ ወለዶታት ቅዱሳን ክሳብ ሰውራዊ ጭርሖታት ጉልባብ ከናድዩ ይረኣዩ።

### ነገስታትን ምህዞ ቅዱስ ስልጣንን

ንኣማኢት ዓመታት ነገስታት ኢትዮጵያ፡ ስልጣኖም ሕጋውነት ንምርካብ፡ ናይ ምድሪ ሳባ ንግስቲ ናብ እስራኤላዊ ንጉስ ሰሎሞን ምብጻሕ ኣብ ዝፈጸመትሉ ዛንታ ዝተመርኮሰ ሰሎሞናዊ ወለዶ ኣብ ዝዝውል ልብወለዳዊ ሓረግ ዘርኢ ክምርኩሱ ጸኒሖም። ግዝኣቲ ነገስታት ኢትዮጵያ እዚ ዝተማህዘ ሓረግ ወለዶ፡ ካብ ካልእ ተራ ማሕበረሰብ ጾብለልታ ከምዝለዎምን ካብ ተሓታትነት ናጻ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኣጸዋርን ገይሮም ይጥቀሙሉ ነይሮም።

ዘፋናዊ መንግስቲ፡ ህዝባዊ ዕግርግር፡ ዓጸቦ ወይ ናይ ግዳም ጸቕጢ ከጋጥም እንከሎ ልብ ወለዳዊ ቅዱስ ዛንታታት ከም መከላኸሊ ክጥቀሙሉ ይፍትኑ። ኣብዚ ማስርሕ'ዚ እዩ እምብኣር ጽውጽዋያዊ ዛንታ ብጸንብላት ስርዓት ንግስነትታትን ዜና መዋእላትን ዲፕሎማስያዊ ዓጅብን መንግስታዊ መልክዕ እናሓዘ ዝቐረጸ።

ካብ ምኒሊክ 'ዳግማዊ' ንደሓር እታ ሃገር ሓድሽ ልብወለዳዊ ታሪኽ ኣማዕቢላ ኣላ። ስራዊት ናይ'ታ ሃገር ናብ ደቡባዊ ግዝኣታት ዝገበሮ ወራራት ከም ሰናይ ስልጡን ዕላማታት ዝገበሮ ወፈራ ከም ዝኾነ ይንገር ነይሩ። ወራርን መግዛእታዊ ጭቆናን ኣሰገዳድ ምቕያር ባህሊን ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኦሮሞ፡ ሲዳማ፡ ወላይታን ሶማልን ካልኦት ሓያሎ ብዘሪራትን ተፈጺሙ እዩ። ወራራት ከም ሓድነት ህዝብታትን ሃገራዊ ትዕድልትን ተጸዊዑ ክሳዕ ሕጂ ዘኮትዕ ዘሎ ብዘሪራዊ መንነት ኢትዮጵያ ዝተቐርጸሉ ታሪኽ ኮይኑ ኣሎ።

### ወተሃደራዊ ደርግን ትምኒት መንቅብ ኣልቦ ንጹህ ሰውራ

ዘፋናዊ ስርዓት ምስ ወደቐ ባህሊ ፖለቲካዊ ሓሶት ምስኡ ኣይጠፍኣን። ነቲ ወለዶ ቅዱስ ሓረግ ብክልሰ ሓሳባዊ ድርቅና ተኪኡዎ። መንግስቲ ሃይለማርያም ቀይሕ ራዕዲ እናኣካየደ፡ ዓጸቦ ከም ኣጸዋር እናተጠቐመሉን ተቓወምቲ እናሓምሸሸን ንርእሱ ከም ተሓላቒ ማዕርነትን ማሕበርነታዊ ለውጢን ገይሩ ይቐጽር ነይሩ። ጭርሖታትን ህዝባዊ ሰልፍታትን ጎደሎ ዘይብሉ ንጹህ ሰውራ ክፍጠር ይኽእል'ዩ ዝብል ትምኒት ደማ ኣሐዩሉ። እቲ ሓቂ ግና መንግስቲ ባዶ ትምኒትን ራዕድን ብማዕረ ስፍሪ ንህዝቢ ዝዕድለሉ ኣጋጣሚ እዩ ተፈጢሩ።

### ኢህወደግን ግጉይ ትጽቢት "ልምዓታዊ ደሞክራሲ"

ኢህወደግ፡ ኣብ ሓይሊ ጸቢብ ጉጅለ (ቴክኖክራት) ዝተሰረተ ዘመናውን ትኩላውን መንግስቲ ክምስርት ክኢሉ ነይሩ። ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ኣሲታት ሓሙሽተ ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንዝኾና ህዝቢ ጥራይ ዘውክል እኳ እንተኾነ፡ ሰፊሕ ሰረት ዘለዎ ደሞክራሲያውን ፈደራላውን ስርዓት መስራቱ ነይሩ። ኣብቲ ዘይንጹር ጸብጻብ ኣሃዛትን ጥቡቕ ቁጽጽርን ዝተዓደሎም ምርጫታት፡ 'ልምዓታዊ ደሞክራሲ'፡ 'ተሃድሶ' 'ጽፉፍ ምሕደራ' ዝብሉ ጥዑም ናይ ልቓሕ ቃላትኩም መሳርሒ እናተጠቕመ ናይ ሓደ ሰልፊ ምልኪ የረጋግጽ ነይሩ።

ኣብ ዓሌት ዝተመስረተ ስርዓት ፈደራል ንወጹዓት ሓይሊ ዝሁብ ብኽልኦት ክቕዳሕ ዘኽእል ኣብኡት ተገይሩ ይንገረሉ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ሓይሊ ግና ካብ ታሕቲ ናብኡም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ውሑዳት እዩ ዝውሕዝ ነይሩ። እቲ ስርዓት፡ ብመርበብኡ ሰልፊ፡ ናይ ክትትል ኾቓጣታትን ብሶማዊ ወክልና ብዝቐሙ ባዶ ጥምረታትን ዝተደኰነ እዩ ነይሩ። ባዶ ትምኒት 'ደሞክራሲያዊ ብዙሕነት' ንዓባይን ብዙሕ ህዝቢ ዝለዋን ሃገር ንሰላሳ ዓመት ዝኣክል ኣብ ትሕቲ ብውሑዳት ዝምራሕ ጉጅለ ከም ትመሓደር ገይሩዋ።

### ትንቢታዊ ጽውጽዋይ

ቀዳማይ ሚኒስተር ሰልፊ ብልጽግና፡ ቅድሚኡ ዝነበረ ባህሊ ባዶ ትምኒት ከይሰበረ ተረኪቡ ይሰርሓሉ ኣሎ። ትንቢታዊ ሕልምታት፡ ኣምላኻዊ ጻውዒትን መለኮታዊ ሕርያን ከም ዘለዎ ዝገልጸሉ "መደመር" ብዝብል ቋንቋ እቲ ጥንታዊ ናይ ኢትዮጵያውያን ጽውጽዋያዊ ባህሊ ፖለቲካ ይቕጽሎ ኣሎ። ሓንሳብ ግና ንግስነት ክቕብል ዝጸበ ዘሎ ሓንሳብ ከኣ ሰብኺ ብዝምስሎ ባህርያቱ፡ ትካላዊ ሚዛናት ኣፈራሪሱ ስልጣን ብምእካልነት ገዲፈጡ ኣዕናዊ ኩናት ሓድሕድ የሳሲ ኣሎ።

ብመንግስታዊ መራኸቢታትን ብዝተዓሰቡ ጸለውቲን ዝቶዩድ ስርዓት ሓብሬታ ኣብ ሕሉፍ ስሕተት ንዝቐመ ሃገራውነት ቀንዲ ኣንቀሳቓሲ ሓይሊ ኮይኑዎ ኣሎ።

### ዘይቕህም ጽውጽዋያዊ ታሪኽ

ኢትዮጵያ ከም ሃገር ህዝቢታታ ኣብ ዝተሰማምዑሉ መሰረት ስለ ዘይተሃንጸት፡ ኣብ ኩሉ ሕሉፍ ዘመናት ዝተራእዩ መራሕቲ ኣብ ልብወለዳዊ ታሪኽ ዝተመርኮሰ መለኮታዊ መሳላት ከም መሳርሒ ክጥቀሙ ጸኒሖም እዮም። ደባታን መንግስታዊ ትካላታን መራሕታን ኣብ ዘይነጸረ ኣካታዒ ኩነታት ስለ ዝሓልፉ ነቲ ቅኑዕ ዝኾነ ደሞክራሲያዊ ሕጋውነት ዝተሳእኖ ስልጣኖም፡ ከም ደጋፊ ሓይሊ ዝኾኖ ልብወለዳዊ ታሪኽ ክፈጥሩ ጸኒሖም። መራሕቲ ብኣምላኽ ከም ዝተሓርዩ ሰውራውያን ከም ዝኾኑ፡ ወይ ብመለኮት ከም ዝምርሑ ክገልጹ ከለዉ፡ ልብ ወለዳዊ ታሪኽ ካብ ተሓታትነት ከምልጡ ዝሕግዝ መፈራርሒ ሓይሊ ይኸውን። ክቃወሞም ዝፍትን ደማ ፖለቲካዊ ተቓናቓኒ ጥራይ ዘይኮነስ ከም መናፍቕ እዩ ዝቑጸር።

### ግጉይ ፖለቲካ ዘኽፍሎ ዋጋ

እዚ ኣብ ጽውጽዋይ ዝተመስረተ ምሕደራ ከቢድ ዕንወት ክስዕብ ከም ዝጸንሐ ተራእዩ እዩ። ኩናት፡ ዓጸቦ፡ ፖለቲካዊ ቅንጸላታትን ዘየቋርጽ ምክፍፋልን ክፍጠሩ ከለዉ፡ ካብ ሓላፍነት ንምምላጥ ዘኽእል ምሩጽ ምስምሳት ይፍጠሩ ነይሮም። ዘይጭብጦ መንፈሳዊ ዛንታታት ናይ'ታ ሃገር ፖለቲካዊ ኣተናእ ክትሰሕትን ዘይተኣማኒት ክትከውንን ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዘይብላ ሃገር ገይሩዋ እዩ። መራሕታ ባዕላቶም ብዘፈጠርዎ መንፈሳዊ ሓሶት እናተመርሑ ሓደገኛን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ብዙሕ ሰብኣዊ ክሳራ ዘውርድን ውሳኔታት ክሕልፉ ይረኣዩ።

### ካብ ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ናብ ሕልሚ ቀትሪ

እቲ ናይ ነገስታት ሓረግ ወለዶ፡ ናይ ደርግ ኾቓፉ ኣልቦ ንጹህ ሰውራን ናይ ህወሓት ልምዓታዊ ደሞክራሲን ከም መሐየሊ ሓይሊ ዝኾና ፖለቲካዊ ባህሊ ኢትዮጵያ፡ ሕጂ ከኣ ንድልየት ምውናን ወደብ ብርሱን ስምዒት የዕገርግሮ ኣሎ።

እዚ ድልየት እዚ ኣብ ሕጊ፡ ኣብ ታሪኽ ወይ ዲፕሎማሲ ዝተመርኮሰ ኣይኮነን፡ ብቦዶ ሓሳብ ካብ ዝፍጠር ግዝኣት ናይ ምውናን ልብ ወለዳዊ መሳልን ጽሕፍቶን ዝተቐርጸ እዩ። መራሕቲ ናይ'ታ ሃገር ንወለዶታት ክሲጋር ብዘጸንሐ መንፈሳዊ ጽውጽዋያት እናተደረኹ ኣብ ክንዲ ብናይ ሓቂ ዘተ ብዝበዘሐ ሃተፍተፍ ፍታሕ የናድዩ ኣለዉ።

እዚ ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ዝተራእየ ጌጋ ኣይኮነን። እዚ መግለጺ፡ ናይቲ ነዊሕ ሱር ዝሰደደ ብቐለሉ ክዕረ ዘይክእል ብመባቁሉ ዝተበላሸወ ፖለቲካ እዩ። ፖለቲካዊ ኣርካናት ናይ'ታ ሃገር ንሓያሎ ግዜ ብዝተጠቐሙሉ ናይ ሽፈጥ ልምዲ፡ ሓሶት ካብ ስትራተጂያዊ ሜላ ፈሊኻ ክትለልየሉ ኣብ ዘይክኣለሉ ግዜ ተበጺሑ ኣሎ። እዚ ባህሊ እዚ ተሰይሩ፡ ብናይ ሓቦር ስምምዕን ሓድሕዳዊ ምኽባርን ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ምሕደራ፡ ክሳብ ዘይተመስረተ፡ እታ ሃገር ክብበተኽ ኣብ ዘይክእል ዓንኬል ቅልውላው ተሸሪሎን ግጭትን ክትቕጽል እያ።

ኣብ ጽውጽዋይ ዝተመስረተ ታሪኽ ንሓያሎ ግዜን ክሳዕ ሕጂ ዝጸዱ ዘሎን ፖለቲካዊ መሳርሒ እዩ። እንድሕር መኪትና ዘይብዲህናዮ ኣዕናዊ ኮይኑ ክቕጽል እዩ።



# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ባዕላዊ ገምጋም ስራሕ



ዓመት 2025 ንኽትውዳእ ሒደት መዓልታት ተሪፈናኣ ኣለዋ። ኩለን መንግስታዊ ይኹና ዘይመንግስታውያን ትካላት ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ከገብራ፣ ሕሳበተን ክፍጽማ ኣብ ምሽብሻብ ይርከባ። ኣብዚ ዓመት ካብ ዝተመደበ እንታይ ተዓሚሙ፣ ብኸመይ፣ እንታይ ዘይተተግበረ መደባት ኣሎ፣ ብሓፈሻኡ ትግባረ መደባት ከመይ ነይሩ፣ እንታይ ተማሂርና፣ ሓያልን ድኹምን ጎንና ከመይ ነይሩ፣ ዘይተሓሰቡ ብድሆታት እንታይ ኣጋጢሞም፣ ብኸመይ ተፈቲሖም ካልእን ዝበሉ ሕቶታት ዝምልሱን መጻኢ መደባት ስራሕ 2026 ብዝበለጸ ንኽትግበር ቃል ዝእተወሉን ብእወታዊ ጸዓት ንቕድሚት ዝሕሰበሉን እዩ። እዘን ትካላት ዓይነትን ዕብየትን ዕላመኣን ብዘየገድስ ንሱበን ስለ ሱበን ኢለን እየን ዝሰርሓ። ስለ'ዚ መደባት ስርሐን ብሰብ እዩ ዝቕለስ። ሰባት ከኣ ኣብ ዝሃለና ንዝለ ሓያልን ድኹምን ጎንታት ኣለና። ከምኡ እውን ትካላትና። እዛ ጽሕፍቲ ኣተኩራ ክትጽሕፈሉ ደልያ ዘላ ጉዳይ ግና ብዛዕባ ዓመታዊ ገምጋም ትካላት ዘይኮነስ ብዛዕባ ባዕላዊ ጸብጻብ ስራሕና እዩ።

ኣብ ትካላት ብመምርሒ ተቐይድና ስለ ንሰርሕ ዓመታዊ ገምጋም ክንገብርን ንዘምልከቶ ኣካል ጸብጻብ ክነረክበን ግዴታ ኣለና። ንሕበስና ግና ከም ኣተሓሳስባን ንቕሓትናን ጸብጻብ ንገብረላ ዷና ኣይንገብረላን ኣብ እዩ ዝምርኮሰ። ምናዳ እቶም ብዕድመ ዝዓበና ኣብ ስራሕ እንርከብ ሰባት። እሞ ባዕላዊ ጸብጻብ ስራሕና ንገብር ዶ ንኸውን፤ እቲ ሕቶ ንዓና እቲ መልሲ ከኣ ከምኡ ንዓና እዩ። ንዕብየትናን ዕብየት ስራሕናን ዕማዊት ተገልገልትናን ግና ኣድላዪ እዩ!። ክዓብን ዕጉብ ህይወት ክሕልፍን ዘይደሊ ሱብ ከኣ የለን።

ባዕላዊ ጸብጻብ ስራሕና ከመይ ኮን ይኸውን፤ ጽቡቕ እንተ ሰሪሕና ኣጓንዕ ንባላ ንሕበስና። ከምቲ ዝድለ እንተ ዘይኣበርኪትና ከኣ ንሕበስና ንንቀፍ። ንኽንነመሓየሽ ከኣ ንሕሰብ። ባዕላዊ ጸብጻብ ስራሕና ግና እንታይ እዩ ክጠቕመና ባዕልና ገምጊምቲ ባዕላና ፈረድቲ እንተ'ኼንና፣ ንብል ኣይንሕሰብ ንሕሰብ እንተ'ኼንና ንኽእል፣ ብዕምቆት ገሊጽና ክንሓስብ ክንኣዊ እዩ።

ኣይንስኣንን ንህሉ። እዚ ግና ካብ ደረጃታት ንቕሓት እዩ። ንዕግበትና ኣብ ህይወት ከኣ ኣዝዩ ወሳኒ ስለዝኾነ፣ ክንገብሮ ይግበኣና። ኣብ ስራሕ ልክዕ ዓመታዊ መደባት ስራሕ ኣሎ። እዚ ዓመታዊ መደባት ንዓና ከም ሰባት ንኻልእ ዘለና ጸጋታትን ኣብ ግምት ኣትዩ እዩ ተዳልዩ። እሞ ዓመታዊ መደባት ስራሕና ኣተግቢርናዮ ዶ፤

ባዕላዊ ጸብጻብ ስራሕና ብኸመይ ኢና ክንገብሮ እሞ ኣልኩም ትሓቱ ዶ ኣለኹም፤ ብርግጽ ከምኡ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ምኽንያቱ ሰባት፣ ሰባት ስለ ዝኾንና ንሓሱብ ኢና። ንሕሉፍ ንሎሚ ንጽባሕ ንጥምት። ህይወትና ድማ ብዕብየት፣ ብዕግበትን ብኣበርክቶን ኢና ክንዕበራ እንደለ። ህይወት ከኣ ብኹሉ መዳያታ ኣብ ቀጻሊ ለውጢ ኢያ። ዓመት ምልኣ ብኣድማዕነት እንተ ሓሊፉ፣ ዕጉባት ኢና ንኸውን። ሓደ ካብ ሳዕቤን ዘይዕግበትን ቀብጸ ተስፋን ኣብ ስራሕ ብዕግበት እንተዘይኣበርኪትና እዩ።

ደቂ ሰብ ከምቲ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ዝበልዎ ብሓፈሻኡ ኣብ ክልተ ምድባት ኢና ንምቀል፣ ኣበርክትትን ኣዕነውትን ተባሂልና ድማ ንጽዋዕ። መብዛሕትኡ ሰብ ኣበርካቲ ስለዝኾነ እዩ፣ መብዛሕትኡ ዕዮ ከምቲ ዝተመደበ ዝትግበር፣ ለውጥን ዕብየትን ዝርከብ። ኣዕነውትን መዕለብጥትን ከኣ ኣይሰኣኑናን ስለዝኾኑ ኣብ ገለኡ ንድሕሪት ንጉተት ስራሕ ከምቲ ዝድለ ኣይትግበርን፣ ተገልገልትና የማርሩ። እሞ ነንሕበስና ንመርምር፤ ምስ መንም ኢና እንሰርሕ፤ ባዕላዊ ጸብጻብ ስራሕ እንተገይርና ምስ መንም ምኳንና ክንፈልጥ ኢና። እቶም ኣበርክትቲ ኢና እንብል፣ ኣቡኩዮና መመሊስና ክዕቢ፣ ብእኡ ኣብልና ድማ ንሕና ንዓቢ፣ ሃገርና ትዓቢ ዓለምና ትዓቢ። እቶም ኣዕነውቲ ዝኾንና ድማ ካብ ጌጋና ተማሂርና ንዓመታ መደባት ዕብየትና ሓንጺጽና ንሕና ንዓቢ፣ ስራሕና ይዓቢ፣ ሃገርና ትዓቢ ዓለምና ትዓቢ።

እስከ ቡቶም ቀዳሞት ንጀምር። እቶም ኣበርክትቲ ዝበሃሉ ሰባት ወትሩ እወታውያን እዮም። ኣብ ስርሖም ኮነ እወታዊ ዝበሃል ነገራት ኣስተብሂሎም ብዓቢ ጸዓት ይዓዩ። ንሳቶም ኣብ ስርሖም ግዱሳት ስለ ዝኾኑ ንዓሀ ዝትንስኡን ዝዋሶኡን ኣብ ግዜኦም ኣትዮም ንተገልገልቶም ብዘይተገላባ ዘገልግሉን እዮም። ምስ መሳርሕቶምን ሓለፍቶምን ጽቡቕ ዝምድና ዘለዎምን ጽቡቕ ናይ ምብህሃል ክእለት ዘለዎም እዮም። ጉድለት ኣብ ስራሕ ንብር ስለ ዝኾነ፣ እንተኣጋጢመ ብዅናጺ መንገዲ ይፈትሕዎ። ስርሖም ካብቲ ዝበርዮ ዘመሓየሹን ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ብኣድማዕነትን ዝትግበረሉ መደባት ዝሕንጽጹን ዘተግብሩን እዮም። እዞም ሰባት እዚኦም እወታውያን ስለ ዝኾኑ ኣብቲ ዝመልእ እምበር ኣብቲ ዝጎደለ ኣየስተብህሉን እዮም። ኣብ ስርሖም ዕወታት ኣብ ህይወቶም ድማ ዕጉባት ስለ ዝኾኑ፣ ጥዕናኦም እውን ከም ወጽኢቱ ጽቡቕ እዩ ዝኸውን። እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ቀጻሊ ዕብየት ንብሶምን ስርሖምን እዮም ዝርከቡ። ብማሕበራዊ ፍትሒ ስለ ዝመሓደሩ፣ ኣብ ስርሖም ሌላን ጉሌላን የብሎምን። ንኹሎም ተገልገልቲ ብዘይ ኣፈላላይ ብማዕርነት ዘገልግሉ፣ ኑቶም ብሰንኪ ማሕበራዊ ጸገማት ሓለፋ ዝግበኦም ድማ ብቐንዕና ቀዳምነት ዝህቡ እዮም። ከምዚኦም ዓይነት ሰራሕተኛታት ዘለዉዋ ስራሕ፣ እወታዊ ጸዓት ዝጠዙላ እያ። ተገልገልቲ ኣብ ድርኩኾት ማዕጾኣ ምስ በጽሑ ባህ ይብሎም። ምኽንያቱ ብጽቡቕ ብኣገባብን ብኽብረትን ተቐቢሎም ከም ንህቢ ዝሰርሑ መመደቢኦም ዘተግብሩ ሓላፍነት ዝሰምዖም ኣባላት ከም ዝቕበሎም ስለ ዝፈልጡ ባህ ይብሎም። ሓሳብቶም ብናጻ የካፍሉ፤ ሕቶኦም

ብጽገቱእ ይምልሰሎም። ብዝቅበሉ ምኽንያት ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ እናበለ ኮሎል ዘብል ሰብ ኣይረኽቡን። ድምር ናይ ከምዚኦን ሰራሕተኛታት ዘለወን ትካላት፣ ዕውትቲ፣ ብልጽግቲ፣ ሕፍርቲ ሃገር ኢያ።

ቡቶም ወሓሉዳት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝሰርዑ ባህርያት ዘውንኡ ሰራሕተኛታት እቶም ኣዕነውቲ ዝበሃሉ እዮም። እዞም ኣዕነውቲ ዝበሃሉ ሰራሕተኛታት እወታዊ ጸዓት ዘይብሎም፣ ኣሉታውያን ሰራሕተኛታት እዮም። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰራሕተኛታት ኣብ ስርሖም ስልቹዋት፣ ደንገዮም ዝኣትዉን እዮም። ብዛዕባ ረብሓ ውልቆም ዝማስሎም እምበር፣ ረብሓ ሓፋሽን ተገልገልትን ቅጭጭ ዘይብሎም እዮም። ኣቶኩሮ ሓሳቦም ኣብ ዝጎደለ እምበር ኣብቲ ዝመልእ ኣየስተብህሉን እዮም።

ንመሳርሕቶም ዘጎድዑ፣ ኣብ ስርሖም ሕማቕ ወረ ዘዘርጉን ንድሕሪት ዝጉትቱን እዮም። ዝምድናኦም ምስ መሳርሖም መብዛሕትኡ እውን ጽቡቕ ኣይኮነ፣ ንገጽ ርእን ንረብሓን ኢሎም ናብ ሰባት ይቐርቡ። ንተገልገልቲ ብጽቡቕ ዘይቕበሉን ብሩህ ገጽ ዘይብሎምን እዮም። ንስርሖም መጋበርያ ውልቃዊ ረብሓኦም እዮም ዝገብርዎ። ከምኡ ስለዝኾኑ ብኣቋራጭ እዮም ዝሓስቡ። ማሕበራዊ ፍትሒ ኣይእንታዮምን እዩ። ከም ሳዕቤኑ ንተገልገልቲ ብረብሓን ብሌላን ጉሌላን ይቕበሉ። ብዓል ሬጋ ጉዳይም ብቱሉፍን ንዘደወሉሎም ቀዳምነት ይህቡ። እዞም ሰባት እዚኦም ከምቲ ወሩይ ኤርትራዊ ደራሲን ምሁርን ኣሰሲሂር በየነ ሃይለ ኣብ ትጸበት ባህጉ ትብል መጽሓፉ ዝበሎ፤ "ዋሕዲ ሪእን ተልእኾን ስለ ዘለዎም፣ ኣብ ስርሖም ዘይግደሱ እዮም።" ኣተሓሳስባኦም ጸቢብ ስለዝኾነ፣ ብቕንዕና ስለዘይሰርሑን ኣብ ስርሖም ብቐጻሊ ግርጭት ዘበዝሑ እዮም። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ስርሖም ዕግበት ስለ ዘይብሎም ወትሩ እናኣማረሩ እዮም ዝነብሩ። ከም ወጽኢቱ፣ ኣደዳ ሕማምን ሸግርን እዮም ዝኾኑ።

እዚኣቶም ሕድሪ ስለ ዘይተሰከሙ ስሞም፣ ስም ስርሖም ስም ሃገሮምን ዘኽፍኡ እዮም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ዝበዝሕዋ ስራሕ ኣድማዒት ኣይኮነትን፣ ተገልገልታ ኣዝዮም እዮም ዝሽገሩ። ናብ ከምዚኦም ዓይነት ሰራሕተኛታት ዘለዉዋ ስራሕ ዘድሊ ጉዳይ ምስ ዝህልዎም ኣዝዮም እዮም ዝሽቑረሩ። ጉዳያቶም ዘሳልጡሎም ሰባት የናድዩ። እዞም ዓይነት ሰራሕተኛታት እዚኣቶም እታ ዓቕሞም ከምኡ ስለ ዝኾነት፣ ኩሉ ጉዳያት ወይ ብሰብ ወይ ብገንዘብ እዩ ዝሰልጥ ዝመስሎም። ድምር ናይዚ ኩሉ ድኻምነት ድማ ኣሉታዊ ርእየተ ዓለም የማዕብሉ። ህይወት ብዘይዕግበትን ቀሳነትን ይውድኡዋ። ወሸጣዊ ሰላም ዝበሃል ብፍጹም የብሎምን። ሰላሞም ብደጋዊ ዝርከብ ነገራት ክዕድጉ ይደልዩ። ስለ ዘይረኽብዎ ድማ ኣደዳ ዘይተደልየ ወልፍታትን ኣዕናዊ ባህርያትን ይኾኑ።

ከምዚኦም ዓይነት ሰራሕተኛታት እንተ'ኼንና ንሕበስና ነድሕን። ተስፋ ኣይንቑረጽ፣ ክንለወጥ ግና ንጽዓር። ቅድም ንሕበስና ክሕሸና፣ ደሓር ከኣ ንመሳርሕትና፣ ንተገልገልትና፣ ንሃገርና እቲ ረብሓ ተራባሒ እዩ። ንኹላትና'ዩ ክርህወና።

ከምቲ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ዝግበር፣ ዓመታዊ ውልቃዊ ገምጋም ስራሕ ምግባር ድማ ምስቲ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ተደማሚሩ፣ ኣድማዕነት፣ ዕግበት፣ ዕብየት፣ ሰላምን ቅሳነትን . . . ወዘተ ዘስዕብ እዩ። ዋናታቱ ድማ ባዕላትና ስለዝኾንና፣ ንሓምየሉ ሰብ የብልናን። ርሑስ ሓዲሽ ዓመት ንኹላትና።

**በርህ ኣርኣያ ማና**
**ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን**

## ለማኢ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቆላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኽ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ገኣብ ደሓን |
| 14:20 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:45 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:15 | ህርመት |
| 16:25 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማሰመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ኣከባቢ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |



# ቃለ- መሕተት

ዳህላክ ነጋሲ

## ቃለ-መሕተት ምስ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

ጋሽ-ባርካ፡ ብዘውገና ስፉሓት መሬት ንኹለን ዞባታት በለጹ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ዞባ ኩይኑ፡ እተፈላለየ ጅግራፍያዊ ኣቀማምጣን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ብዝሓቘፉ 16 ንኡሳን ዞባታት ማለት - ተሰነይ፡ ባረንቱ፡ ኣቑርደት፡ ጎልጅ፡ መንሱራ፡ ሰልዓ፡ ፎርቶሳዋ፡ ደጌ፡ ጎኒ፡ ላዕላይ ጋሽ፡ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ሃይኮታ፡ ከርከበት፡ ሞገሎ፡ ሞልቂን ሻምብቆን ዝቖመ እዩ። እቲ ዞባ ኣብ ከርሱ ዝርከብ ብትሕዝቶኡን ዓይነቱን ዝፈላለ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ሃብታም ሕብረ-ብዙሕነታዊ ባህልን ገና ዘይተበርበረ ታሪኻዊ ቅርስታትን ዝሓለ እዩ።



ኣቶ ሰዩም ገብረእየሱስ

ልዕሊ ኣሉ ከም ዝተጠቕሰ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ሓደ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ጋሽ-ባርካ ኩይኑ፡ ምስ ሱዳን ኣብ ዙዳውብ ክፋል ይርከብ። ብእኡ ምኽንያት፡ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ዘለዎ ንግዳዊ ንጥፈታት የእንግድ። ብቐንዱ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ እትርከብ ‘ምድራዊት ወደብ’ ብዝብል መጸውዒ እትልለ ከተማ ተሰነይ’ያ። ኣብታ ከተማ ካብየ ቦታኡ ዝውሕዝ ህዝቢ፡ ኣብ እተፈላለየ ስራሕ ተዋፊሩ ምፅዛብ ንቡር እዩ። ኣብቲ ቦታ ባህሊ ዓያዩኑት ብዮጉበሪዩ ዝጸብረቕ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ሙብዝሕትእን ካልኦት ከተማታትና ዘይረአ - ልዑል ጻዕቂ ዘለወን ተሸከርከርቲ’ውን ኣብ ተሰነይ ኣለዋ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ንሎሚ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት፡ ዝርግሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ካልእን ኣመልኪትና ምስ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሰዩም ገብረእየሱስ ዘተኻየደ ቃለ-መሕተት ናቐርበልኩም ኣለና - ሰናይ ንባብ-

*** ሕራይ ኣቶ ሰዩም - ፈለማ ምስ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ከተላልዩና?**

ንኡስ ዞባ ተሰነይ ብሰሜን ምስ ሃይኮታ፡ ብደቡብ ምስ ጎልጅ፡ ብሰሜናዊ ምዕራብ ምስ ፎርቶሳዋ ከምኡ ድማ፡ ብደቡባዊ ምብራቕ ምስ ላዕላይ ጋሽ ይዳወብ። እዚ ንኡስ ዞባ ኣብ 12 ምምሕዳር ከባቢታት ኣስታት 65 ዓድታት ሓቝፉ ይርከብ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ዳርጋ ኩለን ብሄራት ማለት - ሸሞንተ ብሄራትና ብሓባር ብሰላምን ሓድነትን ዝነብራሉ ኣብ ርእሲ. ምኽንያቱ፡ መሳብሮ ሙብዝሕትእ ህዝቢ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተመርከሰ ኩይኑ፡ ብላዕላይ ደረጃ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ዝተዋፈረ ክኾውን እንከሎ፡ ብተወሳኺ’ውን ኣብ ሸቐለት ይነጥፍ።

*** ኣብዚ ንኡስ ዞባ ዝሰላሰሉ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ምንታይ ዘተኩሩ እዮም?**

ካብ’ቶም ዝትግበሩ ዘለዉ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት፡ እቶታውነት ንምዕባይ ዝዓለሙ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኩይኖም፡ ብሓያል ጻዕርን ጎስጓስን ይካየዱ ኣለዉ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ህዝቢ ኣገዳስነት ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ኣብ ዕብየት እቶታውነት ብዝምልከት ተገንዚቡ ንቕሓቱ ክዕብን ብውድብ መልክዕ ንኽዕየጽን፡ ሓያል ጻዕሪ ዝሓትት ዕማም ምኳኑ ኩሉ ክስሕቶ ኣይግባእን። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ሓረስቶት ቅድሚ እዋን ዘራእቲ እኹል ቅድመ-ምድላዋት ንኽገብሩ ጎስጓስ ይካየድ እዩ። ኣብዚ ቦታ እኹል ቅድመ ምድላዋት ማለት ከም ምንቃል ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ከም ባህሊ ስለ ዘይጸንሑ፡ ማጠን እቶታውነት ክስድል’ዩ ጸኒሑ ዘሎ። እንተኾነ፡ ብመሰረት ብቑጻሊ እኣካይዶ ዘለና ጻዕርታት፡ ንቕሓት ህዝቢ ምስ ግዜ እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ።

*** እቲ ብማስኖ ዝለምዕ ስፉሓት መሬት፡ ክንደይ ሄክታር ይሸፍን?**

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ብጠቕላላ ዝለምዕ ልዕሊ 18 ሽሕ ሄክታር መሬት ኣሎ። ካብዚ ብማስኖ ዝለምዕ ኣስታት 2,231 ሽሕ ሄክታር ይሸፍን፡ ከምኡ’ውን እተፈላለየ ዘራእቲ ዘልምዑ ኣስታት 178 ሓረስቶት ወሰንቲ ጀረዲን ኣለዉና። እቶም ሓረስቶት ዘልምዕዎ ዘራእቲ ብብዙሒ. ኣሕምልትን ፍረታትን ኩይኑ፡ ብቐንዱ ኣብ ባናና ዘተኩረ እዩ። ንኣብነት፡ ኣሕምልቲ ከም በርበረ፡ ሽጉርቲ፡ ቧምያን ካልእን ብብዙሒ. የልምዑ። ብሓፈሻ፡ ኩነታት ምህርቲ ኣጸምጋም እንከሎ፡ ኣብ ደሓን ዝኾነ ደረጃ ከም ዝርከብ ይፍለጥ። ብዘይካ እቶም ዝተጠቕሱ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ክረምታዊ ልምዓታዊ ንጥፈታት’ውን ካልኦት ዘራእቲ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ይለምዑ እዮም።

ሓረስቶት እኹል ምህርቲ ንኽሓፍሱ ብቐጻሊ ሓያል ጻዕርታት ዋላ’ኳ ዘካይዱ፡ እንተኾነ፡ ብመጸናኑ ሕጽረት ነዳዲ ከምኡ ዝደለ ምኽንያት ወይ ብዙሕ እዮት ንኸይሓፍሱ ዕንቅፋት ኩይኑዎም





ይርከብ። ኣብዚ እዋን ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ልምዓታዊ መዳይ ይኹን ካልኦት ዓበይቲ ንጥፈታት፡ ዘጋጥም ምቁርራጽ ሓይሊ ኤለትሪክ ነሪ ፍታሕ ንኽረኽብ ወጥን ኣወጺኡ ኣሎ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሓረስቶት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ጸገም ተፈቲሖ ብዙሒ. ምህርቲ ንኽፍርዩ ልዑል ትጽቢት ኣለና። ብዘይካ’ዚ፡ ኩሎም ሓረስቶት ኣብ ተመሳሳሊ. ግዜ ሓደ ዓይነት ዘራእቲ ማለት መሸላን ብልቱግን ክዘርኡ ይረኣዩ እዮም። ዝ. ተኸቲሉ ኣብ ሓደ እዋን ተመሳሳሊ. ምህርቲ ይሕፈሶ፡ ኣብ ዕዳጋ እቲ ፍርያት ልዕሊ. ዓቐን ይብዝሕ። ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ ብዙሕ ሃልክን ወጻኢታትን ብምፍሳስ ዝሓፈስዎ ምህርቲ፡ ዋጋኡ ኣብ ዕዳጋ ባይታ ይዘብጦ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ እዋን ሓረስቶት ካብቲ ተመሳሳሊ. ዘራእቲ ወጺኦም፡ ኣብ ካልኦት ዘራእቲ ከም ሰምሰም ዝኣመሰለ ዘራእቲ ክልምዑ ይረኣዩ ኣለዉ። ኣብ ልምዓታዊ መዳይ መሰሳ እናገበርካ ምዝራእ ንብዙሒ. ጠለብ ፍርያት ኣብ ዕዳጋ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ሓመድ’ውን ጽቡቕ ምህርቲ ንኽህብ ዝሕግዝ እዩ። ስለዚ፡ እቶታውነት ክብ ንምባል ሓረስቶት ኣብ ዘራእቲ ለውጢ. ክተኣታትዉ ብቐጻሊ. ኣስተምህሮ ይወሃቦም እዩ።

*** ዝርግሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎትክ ከመይ ይመስል?**

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ሓሙሽተ ትካላት ጥዕና ይርከባ። እዚ ኣሃዝ ብዝርዝር እንተ ተመልኪትናዮ፡ ሓደ ሆስፒታል፡ ሓደ ማእከልን ሰለስተ መደብራት ጥዕናን የጠቓልል። ብመሰረት፡ ብቐጻሊ. ዝግበር ጻዕርታት ኣብዚ ንኡስ ዞባ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ጎዲሉ እዩ። ዚ. ሕማም ንምክልኻል ኣብ እተፈላለየ ዓድታት ንጥፈታት ምንጻግ መድሃኒት ይካየድ እዩ። ብተወሳኺ፡ ህዝቢ. ናሙሲያ ብግቡእ ንኽጥቀመሉ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ መዕቁሪ ማይ ብኣግባቡ ንኽደፍን እውን ጎስጓስን ኣስተምህሮን ይወሃብ እዩ።

*** ኣብ ትምህርታዊ መዳይ እዚ ንኡስ ዞባ ከመይ ይሰጉም ኣሎ?**

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ብጠቕላላ 52 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ። ካብዚ’ኣተን 10 ቅድመ-ትምህርቲ፡ 23 መባእታ፡ 15 ማእከላይ ሰለስተ ድማ ካልኣይ ደረጃ እየን። ዝርግሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ደሓን ዝኾነ ደረጃ ዝርከብ ኩይኑ፡ ኣብዚ. ዓመት ኣስታት 25 ነቑጣታት ክኽፈታ መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ሎሚ ዓመት ክህሉ ተወጢኑ ካብ ዘሎ፡ ኣብ ምምሕዳር ከበቢ. ፋንኮ ኣብ መባእታ ደረጃ ኣርባዕተ ክፍልታት ክህሉ መደብ ክተሓዝ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ከኣ ተወሰኽቲ ክልተ ክፍልታት ብህዝቢ. ተሃኒጸን ኣብ ምዝዛም ይርከባ። ብጠቕላላ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣስታት 23,765 ተመሃሮ





ስሩዕ ትምህርቶም ይከታተሉ ከም ዘለዉ ይፍለጥ።

*** ኣገልግሎት መጉዓዝያን መራኸቢታትን ከምኡ’ውን ቀረብ ዝስተ ማይ ከ ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ?**

ኣብምልእእዚ.ንኡስዞባመስመር ተሌፎን ‘ኤራተል’ ተዘርጊሑ ኣሎ። ኣብዚ. ንኡስ ዞባ ዝካየድ ዝዓበየ ምንቅስቓስ መጉዓዝያ ካብ ከተማ ተሰነይ ናብ ኣስመራ ዝሸፍን እዩ። እንተኾነ፡ ኣብዚ. እዋን ካብን ናብን ክልቲኡ ቦታታት ዝካየድ ምንቅስቓሳት ከምቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ኣይኮነን፡ ማለት ድኑት’ዩ ዘሎ። እዚ. ብመንጽር ዝመላለሳ ዝነበራ ብዙሒ. ተሽከርከርቲ ክንገምግም ይኽእል እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ካብ ከተማ ተሰነይ ናብ ምምሕዳር ከባቢታት ዓሊ-ጊደርን እንጅሓይን ድማ፡ ብንኣሽቱ ሚኒባሳት ምንቅስቓስ መጉዓዝያ ይካየድ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኣገልግሎት ሓይሊ. ኤለትሪክስቲ ከምቲ ዝደለ ኣገልግሎት ይህብ ስለ ዘየሉ፡ ዝዓበየ ይኹን ዝኣሰ ንጥፈታት ብጸሓያዊ ጸዓትን ጀነሬተርን ኣብ ምትካኡ ይርከብ።

ኣብዚ. ንኡስ ዞባ ዘጋጥም ሕጽረት ቀረብ ማይ ንምፍዋሱ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ. ፋንኮ ክልተ ብድሪል ዝሰርሕ ኣገልግሎት ማይ ንምውዳድ መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ኣብቲ ቦታ መስመር ማይ ተኻዒቱ ከምኡ ድማ፡ መኸዚ. ማይ ኣብ ግቡእ ቦታኡ ተገጣጢሙ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ናብ’ተን ኣብ ምምሕዳር ፋንኮ ዝርከባ ዓድታት መስመር ተዘርጊሑ፡ ኣስታት ትሸዓተ ነቑጣታት መዐደሊ. ማይ ድማ፡ ኣብ ምህናጽ ኣሎ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዘጋጥም ሕጽረት ቀረብ ማይ ንምቅላል ሓንቲ ብድሪል እትሰርሕ ዒላ ተኻዒታ ኣላ። ብፍላይ ኣብ ከተማ ተሰነይ እኹል ምንጩ. ማይ ኣሎ፡ የግዳስ፡ ምስ ምቍራጽ ወይ ምጥፋእ ሓይሊ. ኤለትሪክ ከምቲ ዝደለ ኣገልግሎት ይህብ ስለ ዘየሉ፡ ኣብዚ. እዋን ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ዘደሊ. ናወቲ ተዳልዩ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ጸገም ዝስተ ማይ ናይ’ታ ከተማ ንኽፉኹስ ልዑል ትጽቢት ኣለና።

ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ዳርጋ ኣብ ሸዱሽተ ምምሕዳራት ከባቢታትን 27 ዓድታትን እኹል ዝርግሐ ማይ ኣሎ። እቲ መዐደሊ. ነቑጣታት ብጸሓያዊ ጸዓትን ብጀነሬተርን ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ኣብዚ. ንኡስ ዞባ እቲ ዓቢ. ሕጽረት ኣገልግሎት ዝስተ ማይ ዘጸንሖ፡ ምምሕዳር ከባቢ. ፋንኮ’ዩ። ብዙሒ. ህዝብን ዓድታትን ናይ’ቲ ምምሕዳር ከባቢ. ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝፍ ባጀት ተሰለዐሉ ነቲ ጸገም ንምፍዋስ ኣብ መስርሕ ይርከብ።

*** ሕራይ - ኣቶ ሰዩም ኣብ መወዳእታ ከተመሓላልፎ እትደሊ. መልእኽቲ እንተሎ ዕድል ክንህብ?**

ኣብዚ. ንኡስ ዞባ ኣተኩርና ኣብ እነካይዶ ዕማማት፡ ሓረስቶት እቶታውነቶም ንኽዕብዩ ዝተፈላለዩ ጎስጓሳት ምክያድ እዩ። እዚ. ከባቢ. ብተፈጥሮ ሰቡሕ ስለ ዝኾነ፡ ህዝቢ. ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን የካይድ እዩ። እንተኾነ፡ ህዝቢ. ኣብዚ. መዳይ ብድፍኢት ክሰርሓሉ እላቦ፡ ካልእ፡ ኣብ ወቕቲ ሓጋይ ንጥፈታት ምንቃል ኣይሰላሰልን እዩ። ስለዚ፡ ህዝቢ. እቶታውነት ብምዕባይ፡ ዘለዎ ጸጋታት ብግቡእ ክጥቀመሉን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከካይድን ከዘኻኽር እደሊ።

* የቐንየልና

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Health, Safety and Training Coordinator**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Assist in building, implementing and overseeing H&S programs and initiatives for Asmara Mining Share Company (AMSC).
- Coordinate HSE training programs and activities, through the provision of critical Health, Safety and Environmental learning to maintain constant safe work practices and conditions.
- Assist the Safety and Training Superintendent to develop and implement the mine safety management system inclusive of safety meetings, workplace inspections, pre-start information sections and inspections, event reporting/investigation and reporting of lead and lag indicators.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

Health and Safety Management

- Communicate all Health and Safety procedures and protocols to the operations.
- Accept personal responsibility for the health and safety of every employee assigned to his/her supervision.
- Facilitate the development and review of H&S documents in accordance with AMSC standards and Eritrean regulations
- Facilitate and promote the adoption of new health and safety programs and practices
- Lead audits, risk assessments, reviews, monthly H&S meetings and inspections
- Provide technical expertise in investigation events to identify control failures, root causes and appropriate corrective actions to be taken

**Planning and Analysis**

- Monitor, analyze and suggest improvement opportunities from leading and lagging indicators
- Contribute to the provision of an appropriately trained and skillful workforce that is fully trained on HSE elements.
- Develop H&S and H&S training business plan, in consultation with key stakeholders and as per the business need and demands.
- Develop and plan training session plans, as well as associated schedules, in accordance with approved and prescribed Health Safety and Environment curriculum and principles.
- Conduct needs analyses to develop or update training materials to parallel emerging HSE industry trends.
- Identify training needs through determining risk profiles and training matrices and requesting these from the relevant supervisors and/or managers.
- Develop the HSE training matrix by populating roles, examining existing competency gaps and filling them.

**Module Development**

- Research, plan, and develop training and material programs to meet training needs, as per the competencies required; schedule and socialize training sessions.
- Contribute to the conceptualization, development and update of HSE training aids, resources and learning solutions.
- Conduct investigations into HSE events, in conjunction with the event investigations teams, distill learning and include in the training content.
- Oversee the review of all HSE compiled training materials, prior to the start of training.
- Develop assessment components, comprised of both theory and practical elements.
- Secure external vendor training and contract with external subject matter experts, if required.

Execution

- Coordinate and provide cost effective competency-based training and assessment programs delivered to employees to develop required skills and values.
- Conduct both Technical and Competency based HSE training and assessments for both permanent and contractor employees, by using on-the-job technical teaching methodologies to impart skills, knowledge and competencies.
- Coordinate refresher training on topics, as required.

Staff Supervision

- Supervise, coach and develop the activities of all HSE personnel.
- Supervise training conducted through allocated staff by:
- checking and controlling the quality of facilitation.
- developing and providing on-the-job training, mentoring, coaching and guidance to trainers.
- performing performance appraisals.
- recommending further / relevant training courses and development actions.
- disciplining poor performance or actions (first line) and
- enhancing communication with staff through regular feedback, contact, meetings and briefings.

**Evaluation and Maintenance**

- Confirm that all training and assessment procedures are followed and all competencies; standards and/or regulations met before signing for the issue of certificate and permit.
- Evaluate all HSE training and assessment programs, and maintain and upgrade the syllabus and associated materials, when required.
- Oversee all document controls by forwarding updated and changed content for review and approval by the Superintendent and uploading onto a system.
- Support the development of a continuous improvement culture to ensure training and development remains a top priority for improving Health and Safety standards across Asmara Mine.
- Oversee the effective storage of records via electronic and hard copy means.

o Provide Progression feedback reports to the Superintendent and End User Management, as required

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Bachelors' Degree in a Science related programs
- Workplace Trainer and Assessor in Mining is an advantage
- Professional Competency Certificate in HSE or similar

Working Experience – Nature & Length

- Minimum of 6 years' generalized experience in Health and Safety, with previous facilitation experience in the Mining, Oil or Construction industries, of which 3 years should be in a supervisory and/or coordinating capacity.
- Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining.
- Working knowledge in operation and risked associated with heavy mining equipment

Technical Skills

- Leadership skills in multi-disciplinary environment.
- Advanced training and strong facilitation skills.
- Strong stakeholder engagement skills.
- Strong training needs analysis, analytical and problem-solving skills.
- Strong communication (written and verbal) and interpersonal skills.
- Strong planning, organizing and prioritizing skills.
- Strong leadership and management skills.
- Strong coaching and mentoring skills.
- Attention to detail
- Sound decision making skills
- Plan, organize and execution skills
- Valid Driver's License
- Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel

Behavioral Skills

- Approachable | Assertive | Customer Focused | Goal Oriented | Influential | Initiative | Leadership | Pro-Active | Reliable | Results Driven
- Communication (read, write and speak English)
- Strong Supervisory skills. Get things done attitude
- Commitment to deliver on agreed targets
- Demonstrated team building and mentoring skills
- Well organized
- Commitment to nationalization of the workforce

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓባን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ሓራጅ

ኣብ መንን ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ኣብርሃም ወልደትንሳኤን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሰለሙን መብራህቱን ዝብረ ናይ ገንዘብ ክርክር ንብረት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነ ብሓራጅ ተገሚቱም መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ብዝተኣዘዘ መሰረት፡ ብበዓል ሞያ ተገሚቱም ቀሪቡም ስለ ዘለው፡ ክወዳደር ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ በካ ሕሳብ ሐዘ ብምቕራብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ፡ ክበጽሖ ዝደሊ ማጠን ገንዘብ ብገጹር ብቁጽርን ብኣሃዝን ብምጽሓፍ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ ዝተዳለወ ሳ/ቤ/ፍሪ ቁጽሪ 62 የእቱ።

ዝርዝር ንብረት

ቁጽሪ1

1. ስቴካ በልያርዶ 2 ሓብ——————ዋጋ 70,000 ናቕፋ
2. ካቻ ባሊና 2 ሓብ——————ዋጋ 20,000 ናቕፋ
3. ኮምፕረሰር መሸዓሪት 1 ሓብ ————ዋጋ 10,000 ናቕፋ
4. ጎማ ሰድያ-150 ሓብ——————ዋጋ 30,000 ናቕፋ
5. ናይ ማእከል ጣውላ ጎማ-50 - ሓብ——ዋጋ 20,000 ናቕፋ
6. ዳሽ ሹሓሊ ዓቢ (Tandar ibrasat)–1ሓብ ——ዋጋ 2,000 ናቕፋ
7. ንእሽተይ መልወሲ ማሽን —1 ሓብ ———ዋጋ 4,000 ናቕፋ
8. ሴድያ ብሓጺን ዝተሰርሐ–20 ሓብ ————ዋጋ 4,000 ናቕፋ
9. ካሽ ረጅስተር——2 ሓብ ————ዋጋ 200 ናቕፋ
10. መዝሓሊ ጆላተ——1 ሓብ——————ዋጋ 10,000 ናቕፋ
11. ናይ ኢድ መቑረጺ መግቢ (manual food cutter) 1–ሓብ –ዋጋ 10,000 ናቕፋ
12. ቬንትሌተር (Spraying mist machine) 2 ሓብ –ዋጋ 2,000 ናቕፋ
13.. ስፒከር—2 ሓብ—————— ዋጋ 2,000 ናቕፋ
14.. ስፒከር (profe ssianal endto equibnat) 2 ሓብ ዋጋ 4,000 ናቕፋ
15.. ፒያኖ WK4 —1 ሓብ ——————ዋጋ 4,000 ናቕፋ
16.. ኣየር ኮንዲሽነር (Split typc) 1 ሓብ————ዋጋ 9,000 ናቕፋ
17.. ንእሽተይ ኣየር ኮንደሽነር— 3 ሓብ—— ዋጋ 12,000 ናቕፋ
18.. መብረድ —6 ሓብ —————— ዋጋ 30,000 ናቕፋ
19.. ንእሽተይ ፍrጅ——1 ሓብ ————ዋጋ 2,000 ናቕፋ
20. ማዮኔላ ቴንስ (tennes) 1 ሓብ——— ዋጋ 15,000 ናቕፋ
21.. ሰደቓ ቴንስ (table tennes)–1 ሓብ ——ዋጋ 2,500 ናቕፋ
22.. ኣሰኮሩሊን መጽረዲ ቬትሮ –1 ሓብ——ዋጋ 15,000 ናቕፋ
23.. ዕትሮ ጋዝ ዓበይቲ–3 ሓብ ————ዋጋ 6,000 ናቕፋ
24.. ዕትሮ ጋዝ ንኣሽቱ ናይ መብራህቲ– 2ሓብ ዋጋ 2,000 ናቕፋ
25.. ኮምፕረሰር ናይ ሕብሪ ፈሸኛሞ–1 ሓብ ዋጋ 15,000 ናቕፋ
26.. ዓቢ ኮንቴነር ናይ 20 ፊት–1 ሓብ——25,000 ናቕፋ

ጠቕላላ ድምር——————————325,700

ቁጽሪ 2

ሰ/ቁጽሪ ኢኣር ናይ ቅድም ታርጋ ER-1-26161 ፐጆ ስርሓት 1996 ዝኾነት ቁ/ቻሲ VE37DLFZ230707294 ቁ/ሞተር 10KJB4A 20000836P ዝኾነት 1 ሞተር ምሕዳስ ዘድልያ 2 ሕብሪ ምልካይ ዘድልያ 3 ባትሪ ቅያር 4 5+ ጎማ ኣረጊት 5 ተንዳ ናይ ሳዕሊ ምቕያር ኮይኑ መጠከሲ ዋጋ 85,000 (ሰማንያን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ) ክወዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ከምቲ ኣብ ሳዕሊ ዝተገልጸ የትሕዝ።

* ዕለት ሓራጅ 1. ኣብ ንብረት ክትጫረቱ ትደልዩ ንዕለት 19/01/2026

2. መኪና ክትጫረቱ ትደልዩ ንዕለት 20/01/2026

*ቦታ ሓራጅ፦ ሳዕ/ቤ/ፍርዲ ቁ/27

*ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ

* ንብረት ክትርእዩ እትደልዩ ካብ ባሎ ከበቢ ኤክስፖ ሆቴል እንዳ ዓዚዝ መኽዘን ክትርእዩ ትኽእሉ።

*ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን።

ፈጻሚ ፍርዲ

---

ወ/ሮ የስቲና ቢንያም መሓሩ ዝተፈቕደለን ናይ ጽሬትን ምክትታል ኣታኽልትን ንግዳዊ ትካለን፡ “ፋንታስቲክ ጽሬትን ምክትታል ኣታኽልትን” (FANTASTIC CLEANING AND GARDENING SERVICE) ተባሂሉ ክስየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---

## ም ል ክ ታ ጨ ረ ታ

ሬድሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብጨረታ ክሸይጥ ስለ ዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት | መለክዒ | ብዝሒ |
|---|---|---|---|
| | ናይ ኣሞንያ ስሊንደር | - | - |
| | ናይ $Co_2$ ስሊንደር | - | - |
| | ካልእ ዝተፈላለየ ንብረት | - | - |

‘1. ጨረታ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለዉሉ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት።

1. ንመኽፈቲ ጨረታ ዝምለስ 50,000.= ( ሓምሳ ሽሕ ) ናቕፋ ትሕጃ ብCPO ጥራሕ ይኸውን።
2. ንብረት ክርእዩ ዝደልዩ ናብ ትካል ብምምጻእ ብመንገዲ ክፍሊ ዕድግን ንብረትን ክረአ ይከኣል።
3. ንብረት ዝለዓለሉ ግዜ ካብቲ ጨረታ ዝተዓወተላ ዕለት ድሕሪ 6 መዓልቲ ይኸውን።
4. ተጫረትቲ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2023 ዓ.ም. ግብሪ ዝኸፈሉ ምኳኖም ዝተረጋገጸ፡
5. ፋብሪካና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ኮነ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ (ኮካ-ኮላ)

---

**RED SEA BOTTLERS SH. CO.**
EMBADERHO STREET ZIP 123 ASMARA , ERITREA
Tel: (291-1-)162530/35/40 P.O.Box 844
Fax: (291-1)161209 e-mail: rsb-coke@tse.com.er

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Red Sea Bottlers Sh. Co. Invites qualified applicants for the following posts:

**1. Position** ……………. Sales Analyst.

**Education** - Advanced diploma from recognized university or college in marketing , accounting or finance.

**Experience** - 4 years in marketing & distribution.

**Skill & Knowledge** - Knowledge of analyzing sales activities, marketing and distribution of beverage products or similar.

Basic knowledge of computer application in excel.

**Work Station** - Asmara

**Age** - 25 – 45 yrs.

**Salary** - as per company scale

**Quantity** - 1

**Salary** - as per company scale

**Required quantity** - One

Interested applicants are required to come and fill an application form and submit their CV and supporting documents to Red Sea Bottlers Sh. Co., Human Resources and Administration office, Tel 162540, within 10 days from the date of this announcement.

Applicants must provide certificate of completion or exemption from national service.

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ሳልሳይ ክፋል

> "ህይወት ልክዕ ከም ብሽክለታ ምዝዋር እያ። **ሚዛንካ** ንምሕላው፡ ምንቅስቓስካ ክትቅጽል ይግባእ።" - **ኣልበርት ኣይንስታይን**
>
> "እቲ ጌጋ ምስ ፈጸመ ጌጋኡ ዘይእርም፡ ተወሳኺ ጌጋ እዩ ዝፍጽም።" - **ኮንፊሽየስ**

## ዋሕዚ ዓወት



ዕወት ሰብ ክትከውን ናይ ብሉቕ ድሌት እንተ ደኣ ሃሊዩ፡ ኣቓዳምካ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ኣብ ግምት ከተእትዎም ዘለካ ነገራት ክህልዉ ይግባኦም። እቲ ሎተሪ ምስ በጽሓቶ ጥራይ ዕወት ከም ዝኸውን ዝሓስብ ሰብ፡ ንገዛእ ኣካላቱን ኣእምሮኡን ከልምስ ወይ ከሑ ይኽእል እዩ።

ንዓኻ መግለጺ ዓወት ብዙሕ ገንዘብ ምውህላል ክኸውን ይኽእል እዩ። ገንዘብ ሰቕ ኢልካ ብዝወሪ ዝመጽእ ከም ዘይኮነ ርዱእ እዩ። ቅድም ቀዳድም ትርጉም ሃብታም ምኻን፡ ድኻ ምኻን ወይ ማእከላይ ምኻን ብኸመይ ኢኻ እትገልጾ? ዚ ከየጸራኻ ሃብታም ክትከውን ፋሕተርተር እንተ ኢልካ፡ ማይ ዓሚቝካ ክትተርፍ ትኽእል ኢኻ።

ብናይ ካልኦት ሰባት ትርጉም ሃብቲ ክትጸሎ ቀሊዕ ኣይኮነን። ዝያዳ ዕወት ሰብ ክትከውን ናይ ብሉቕ ድሌት እንተ'ሃሊዩ፡ ናትካ ትርጉም ሃብቲ ክተማዕብል እዩ ዘለካ።

ኣቓዳምና ካብ ሰባት ዝሰማዕናዮም ትርጉማት፡ ምሕር ደጋልወና እዮም። ርትዓዊ እንታይ ማለት እዩ? ኣዲጋሚ እንታይ ማለት እዩ? ዝበኣሰ እንታይ ማለት እዩ? ጸቡቕ እንታይ ማለት እዩ? ሕማቕ እንታይ ማለት እዩ? ጥዑም ዘጥዕም እንታይ እዩ? ጸቡቕ ትርኢት እንታይ እዩ ...?

ዝሰማዕኻ ካልኦት ሕቶታትን ብናትካ መማዚ ክትትርጉሞም እንተ ደኣ ኽኢልካ፡ ህይወት ዝያዳ ምቅርቲ ክትከውነልካ እያ። ብናይ ካልኦት መማዚ እንተ ተርጉምካዮም ግዳ ኣብ ዘይትደልዮ ጭንቀት ክትሽመም ከም እትኽእል ክትስሕቶ ኣይግባእን።

ብተመሳሳሊ ኣብ ውልቃዊ ህይወትካ ይኹን ኣብ ስራሕካ ናትካ ሹቶ ክህልወካ ኣለዎ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ እዚ ዓለም ካብኻ ንላዕሊ ንዓቕምኻ ዝፈልጥ ሰብ ከቶ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ትሕቲ ዓቕምኻ ሹቶ ከይትሕንጸጽ ተጠንቀቕ።

እቲ እትሕንጸጾ ሹቶ ናይ ብሉቕ ንዓቕምኻ ዝፍትሽ እንተ ኸነ ተመራጺ እዩ። ሹቶኻ ስራሕ፡ ጻዕሪ፡ ጸዓት፡ ተወፋይነት፡ ... ዝሓትት ክኸውን ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾነ ንሓፍሲ ወከፍ ዘድልየካ ጻዕሪ ይኹን ተወፋይነት ብዕስርተ ዕጽፊ ክብ ከተብሎ እንተ ኽኢልካ፡ ነቲ ዝተለምካዮ ሹቶ ዘይትወቕዓሉ ምኽንያት የለን።

ንኽእለትካ እንተ ኣነኣኢስካዮ ግዳ፡ ዓለም ከተነኣእሰካ እያ። ቁሩብ ግዜ ወሲድካ ታሪኽ ከተጽንዕ ፈትን፡ ብዙሓት ሰባት ልዕሊ ዓቕሞም ጸዒሮም ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ዓወት ዝበጽሑ ከም ዘለዉ ክትግንዘብ ኢኻ። ብመንጽሩ፡ ካልኦት ብዙሓት ትሕቲ ዓቕሞም ሹቶ ብምትላሞም ጥራይ፡ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ዝንቈልቈሉ ከም ዘለዉ ክትግንዘብ ኢኻ።

ብርግጽ ዘይክዉንንታዊ ሹቶ ምሕንጻጽ ጸቡቕ ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ሹቶኻ ብዘይምውቃዕካ ክፈጥረልካ ዝኽእል ጸቕጢ ቀሊል ኣይኮነን።

ገለ ሰባት፡ "ልዑል ትጽቢት ቀንዲ ጠንቂ ዓሚቝ ጓሂ እዩ።" ዝብሉ ኣለዉ። ትሑት ትጽቢት እውን፡ ዝበኣሰ ሳዕቤን እዩ ዘለዎ። እቲ ምንታይሲ፡ ትሑት ጸዓት፡ ጻዕሪ፡ ጺጋታት፡ ... ንኽተውፍር እዩ ዘገድደካ።

ገለ ሰባት ሓደት ገንዘብ ምስ ኣዋህለሉ፡ ንዓለም ኣይትጸርን ክብልዎ ይጅምሩ። ድሕሪ ገለ ግዜ ነተን ዘዋህለልወን ገንዘብ ንሽንኑ ምስ ዘረወወን ብሕንከት ዝኣክል ካብ ሰብ ክሕብኡ ይጅምሩ። ንዝረኸብዎ ሰብ ከኣ ምሕር መረረ ዝበዝሖ ዕላል ስለ ዘብዝሕሉ፡ ዝሰድሞ ሰብ እናበዝሐ ይኸይድ። ሽዑ ወዮ ቀዳማይ ተግባሮም ማለት እቲ ዓድሹዶኽ ዝበልዎ ጌጋ ምንባሮም ይስቁርዎም። ኣብ ክንዲ ትምክሕቲ፡ ኣብ ስራሖም ክቕጽሉ እዩ ነይሩዎም።

ገለ ሰባት ከኣ ኣብ ጂምናዝዩም ኣብ ሰሙን ሓንሳእ ስፖርት ምስራሕ ይጅምሩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ነብሶም ቀልጢፉም ለውጢ ኣይርእዩን። ኣብ ክንዲ ናብ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ ስፖርት ምግባር ዝሰጋገሩ፡ ተሰኪፎም ናብ ስፖርት ምቅራጽ ይህንደዱ።

"ዕወታት ኣየቋርጹን እዮም፡ እቶም ዘቋርጹ ኸኣ ኣይዕወቱን እዮም።" ዝብል ምኽሪ ቀጻሊ እዩ ካብ ሊቃውንቲ ዝለገስና። ክንደይ ካብና ኢና እሞ ነዚ ምኽሪ እዚ እንጥቀመሉ ዘለና?

ኣብ ዝኾነ እንንዝብሮ ጻዕሪ 'ደሓን' ዝኾነ ወጽኢት ጥራይ ንኽንመዝገብ ኢልና ጥራይ ኣይኮንናን ክንሰርሕ ዘለና። ምናልባት ነዚ ወጽኢት እዚ፡ ዝኾነ ተራ ሰብ ከመዝግቦ ዝኽእል ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንሸኻ ናይ ብሉቕ ዕወት ሰብ ክትከውን ባህጊ እንተ ደኣ ሃልዩ፡ 'ንሉድ' ወጽኢት ንኽተመዝግብ ክይተሓለልካ ኢኻ ክትሰርሕ ዘለካ። እቲ ብኣቋራጭ ዝመጽእ ዓወት፡ ብኣቋራጭ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዝጠፍእ ፈሊጥካ፡ ዘተኣማምን ዓወት ንምምዝጋብ ኣካላትን ኣእምሮኻን ክትብቅቕ ኣይግባእን።

እቲ ብምትላል ዝመጽእ ዓወት እውን እንተኾነ፡ ዕምሪ የብሉን። ኣብ መጠረሽታኡ እውን ንዘርካቡ ዝበርካ ለኻኺመካ እዩ ዝኸይድ። መለሶካ ንኸይትትነሱ፡ ዓቢ ዕንቅፋት ይኾኑኻ፡ "ክሰርቂ እንክሎ ንዘረኣኹዎ፡ ክመልሶሉ እንክሎ ኒይኣምኖ።" ዝብል ምስላ እኳ ኣለና። እዚ ረዚን መልእኽቲ እዩ ዘለዎ። ክንዲ ዝኾነ ቅድሚ ዝኣገረ ካብ ምትላልን ቀጠፋጠፍን ክትቕንጠብ ይግባእ።

እቲ ንዓወት ከራብሕ ህርዲግ ዝብል ሰብ፡ ጸዓት ከፍሰስ ድሕር ኣይብልን እዩ። ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ነቲ ዘለዎ ጺጋ ከጥፍር ዝኾነ ብቑ ኣየርእን እዩ።

ናይ ዕወታት ሰባት እቲ ዝለዓለ ብልጫ፡ ብዘኾነ ጸገም ተሰኪፎም ዘየቋርጹ ምኻኖም እዮም። ዝኾነ ዓይነት ፍሽለት ኪጋጥሞም እንክሎ፡ ኣይደሃሉን እዮም። ነቲ ፍሽለት ከም ካልኣይ ክድግም ዘይብሉ፡ ዓቢ ተመክሮ እዮም ዝወስድዎ።

## ትርጉም ዓወት

ብዙሕ ሰብ ንዓወት ክትርጉም ኢሉ ኣይፎጭጥቆን እዩ። ገለ ሰባት፡ "ሰብ ብዙግቦር ዕወት ክኸውን ኣለዎ እምበር፡ ስለምንታይ ኢና ንዓወት ክንትርጉም ኢልና እንፍጭጥቆ?" ኢሎም ዝምጉቱ እውን ኣለዉ።

ካልኦት ሰባት፡ "ዓወት እንታይ ማለት እዩ? ዕወት ዝበሃል ሰብከ ከመይ ዝበለ እዩ?" እናበሉ ብደቂቕ ዝመራመሩ ኣለዉ። ኣብ ኩሉ ዓይነት ህይወትና ምምርማር ዘጽላኢ ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ድሕሪ ምርምር ዝሓሸ ወጽኢት ክርከብ ይኽእል እዩ።

ከም እቲ ኣቓዳምና ዝገለጽናዮ ናይ ገዛእ ርእስና ትርጉም ዓወት እንተ ሃለወና ተመራጺ እዩ። የግዳስ ሊቃውንቲ ንዓወት እንታይ ኢሎም ከም ዝተርጎምዎ ምፍላጥ እውን ዘጽላኢ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንምዝጽጻር ሓጋዚ እዩ።

ገለ ሊቃውንቲ "ምዕዋት ማለት ናብ ዝሓሸ ደረጃ ምስጋር ወይ ነቲ እትብህጎ ዕላማ ምውቃዕ እዩ።" ብምባል እዮም ዝትርጉምዎ። ገለ ሰባት ከም እተዓወቱ ዝሓስቡ፡ ክብደት ሰቡዖም ምስ ዝኽዩ እዮም። ብመንጽሩ ካልኦት ሰባት ዕወታት ኩይኖም ዝሞሞም፡ ክብደት ሰቡዖም ክወሰኽ እንክሎ እዮም።

ምዕዋት ሓደ ነገር እዩ። ካብ ምዕዋት ንላዕሊ፡ ንዓወትካ ምዕቃብ እቲ ዝኸበደ ነገር ምኻኑ ብተደጋጋሚ ዝጥቀስ ሓቂ እዩ። ምዕቃብ ንበይኑ እውን ኣኻሊ ኣይኮነን። ንዓወትካ ከተራብሖ እንክለኻ ኢኻ ንዓወትካ ዝያዳ እትዕቅቦ።

ኣብ ቀጽሪ ገዛኻ ንዘርከብ ዕንቦብ ሓንሳእ ምስ ቀምቀምካዮ፡ ንገዛእ ርእሰኻ ከም እተዓወትካ ገይርካ ከተእምና ትኽእል ኢኻ። የግዳስ እቲ ዕንቦብ ዳግማይ ምብቋሉ ኣይተርፍን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ናይ ብሉቕ ንኽትዕወት፡ ቀጻሊ ኢኻ ነቲ ዕንቦብ ክትቕምቅሞ ዘለካ።

ዓወት እምበኣር፡ ብዙዕብ ሓንሳእ ጥራይ ሹቶኻ ምውቃዕ ኣይኮነን። ዓወት ብዙዕብ ብቐጻልነት ሹቶኻ ምውቃዕ እዩ።

ዕወታት ሰባት ኣብ ስራሕ ዓለም ተጥዮት እዮም። ንጭንቀት ዝኸውን ግዜ ንኸንቱ ኣየጥፍኡን እዮም። እቲ ንጭንቀት እተጥፍኦ ግዜ፡ ስለምንታይ ንስራሕ ዘይትጥቀመሉ? ጭንቀት ንባዕሉ ካልእ ጭንቀት እኮ እዩ ዘወልድ።

ዕወታት ሰባት ፍቕሪ ስራሕ ስለ ዘለዎም፡ ዋላ ብጻዕቂ ስራሕ ኣይጭነቑን እዮም። ንኣቶም ስራሕ ከይዝሕሎም ኣሎም ባዕላቶም ስራሕ ይፈጥሩ እምበር፡ ንዝረኸብዎ ስራሕ ብቕሉዕ ኣይከሰርዎን እዮም።

ንኣእምሮኻ ከመይ ገይርካ ትቓጽዮ ወሳኒ እዩ። ንስራሕ ከም መቕጻዕቲ ገይርካ ትርድኦ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ብኸመይ ደኣልካ እሞ ክትዕወት? ንስራሕ ልክዕ ከም ማዘናጊ ገይርካ ብጸቡቕ ተሰተማቒርኻ እንተ ኾንካ ግዳ ባህ እናበለካ ጽፉፍ ስራሕ ካብ ምብርካት ዝዓግተካ ማሰናኽል ኣይህሉን እዩ።

ዕወታት ሰባት ኣብ ስራሖም ልዑል ኣድህቦ እዩ ዘለዎም። ኣጠቓቕማ ግዜኦም እምበር መጠን ጽፉፍ እዩ። ንሓንቲ ስራሕ ከይዛዘሙ፡ ናብ ካልእ ስራሕ ከቶ ኣይናጠሩን እዮም።

እቲ ዝበለጸ ብልጫኦም ጽሬት ኣሰራርሓኦም እዩ። ነቲ "መኽሰብና ዕግበት ዓማዊልና እዩ!" ዝበሃል ጭርሖ ዝመሰል ኣብ ብዙሓት ትካላት ንስሙ ዝልጠፉ ጽሑፍ፡ ንሳቶም ናይ ብሉቕ ከተግብርዎ እዮም ህርዲግ ዝብሉ። እወ ሓደ ትካል ንዓማዊሉ እንተ ኣዕጊቡ፡ ቀጻልነቱ ብኡኡ መጠን ከም ዝረጋገጽ እዩ ዝመስከር።

ብመንጽሩ እቲ ዓማዊሉ ዝፈንፈንዎ ትካል፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ምጥፋኡ ኣይተርፍን እዩ። ኣይን ራንድ፡ "ንዓማዊል ኣለ ኣይኮንኩን ዝሃንጽ፡ ዓማዊል ስለ ዘለዉኒ እየ ዝሃንጽ።" ዝበለቶ ዓቢ ቀምነገር እዩ ዘለዎ። እወ ዓማዊል እንተ ዘይብልካ፡ ንመን ኢልካ ኢኻ እሞ ክትሃንጽ ወይ ፍርያትካ ክትዝርግሕ?

ሙብዛሕትኦም ዕወታት ሰባት ኣብ መዓይ ፈጠራውነት ናዮም ዝኾነ ብልጫ ኣለዎም። ንሾኻ ሎሚ ዘመዝግበኩዮ ፈጠራ፡ ጽባሕ ካልኦት ትካላት ሰሪዮም ክሰርሕዎ ይኽእሉ እዮም። ክንዲ ዝኾነ ቀልጢፍካ ናብ ካልእ ፈጠራ ክትሳገር ከም ዘለካ ንገዛእ ርእሰኻ ምድላው ኣገዳሲ እዩ።

ደረት ኣእምሮና ሰፊሕ ምኻኑ፡ ዳርጋ ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ ይመስለኒ። ክንዲ ዝኾነ እዩ ድማ፡ እዞም ሎሚ እንርእዮም ዘለና እተረራቐቑ ወጽኢት ቴክኖሎጂ ቅድሚ ሒደት ዓመታት ከቶ ዘይሕሰቡ ዝመስሉ ዝበሩ። ብሳላ እቶም ንኣእምሮኦም ብዝዋጾእ ዝጥቀሙ ሰባት ግዱ ዝጠዘለ ካብ ህዝቢ ዓለም ክጥቀመሉ ጀሚሩ ኣሎ።

ሎሚ ዓለምና ብወጽኢት ሰብ ሰርሓ ብልሒ ኣእምሮ (Artificial Intelligence) ዋጭዋጭ እያ ትብል ዘላ። እቲ ምንታይሲ፡ ገለ ሰባት ነቲ ወጽኢት ቴክኖሎጂ ንእወታዊ ስራሕ ክጥቀምሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ንኣሉታዊ ወይ ኣዕናዊ ጉዳይ እዮም ዝጥቀምሉ ዘለዉ።

እቲ ዕወት ዝበሃል ሰብ እምበኣር፡ ንህዝቢ ዘርብሕ ፍርያት እዩ ዘቕርብ። ንህዝቢ ዘርብሕ ፍርያት ብርትዓዊ ዋጋ ብምቕራብ፡ ሓላል መኽሰቡ ይረኽብ። ንዓማዊልካ ኣዕጊብካ እትረኽቦ መኽሰብ፡ ካልእ መዛዘ ሓዘልካ ከም ዝመጽእ ኣዳዕዩ ይፈልጥ እዩ።

ንኻኻ ዝተፈላለዩ ድሌታት ክህልዉኻ ይኽእሉ እዮም። ሞያዊ መዓርግ ዝበለጸ ደረስ፡ ውሓለ ኣመሓዳሪ፡ ሕያዋይ ወላዲ፡ ዓቢ መምህር፡ ኣርኣያ ክኸውን ዝኽእል ብዓል ሓዳር፡ ንወለዶታት ዝቕጽል ኣድናቖት ዝምጠዋ ፊልም ዘፍራ ... ክትከውን ባህጊ ክህልወካ ይኽእል እዩ።

ባህጊ ጸቡቕ እዩ። ባህጊ ንበይኑ ግዳ ዕወት ሰብ ኣይገብረካን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ባህግኻ ንምዕማር ንሓሳብትኻን ተግባርኻን ከተራብሖ ኣለካ። ክሳብ ሕጂ ኣመዚጊብካዮ ዘለኻ ዓወት ብዘየገድስ ሹቶኻን ሕልምኻን ቀጻሊ ኣብ ምስፋሕ ክትጽመድ ይግባእ።



> "ዕወት ሰብ ካብ ጌጋኡ ይኸስብ እሞ ስርሑ ብኻልእ መንገዲ ይፍትን።" - **ዴል ካርነጊ**
>
> "ዕወት ዝበሃል ሰብ፡ በቲ ካልኦት ሰባት ዝድርብዩሉ እምኒ መሰረት ዘንጽፍ እዩ።" - **ደቪድ ብሪንክሊ**

**ይቕጽል**



# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

04 ሕዳር 2011
07:30 ድ.ቐ.

# በተን ፈይ...ፈይ... ... ዕማኾ ክሰርሕ!



ከዋግዓ ኣንቂሉ። ዘሰንቐኩዎ ስንቂ ቦታ ከም ዝሰኣነ መመሊሱ ንኽወጽእ የንቃዕርር። ብሓሳባት ሎምን ጽባሕን ብብዝሐን ክውንንትን ጢን'የ ተሰሪሑ። መልዓሊ ዘይብሉ ነገር የለን። እንተ ገደደስ ብዘራባ'ኳ ተልዕሎ። ዋላ ኣይተኽኣሎ ከም ትኽእሎ ገይርካ ተፋኸሶ።

ይገርመኪ'ዩ ድራረይ! ናበይ ከም ዝገሸኩ ኣይፈልጥን፣ ኣበየናይ ቦታ ተቐሚጠ ኣየስተውዓልኩን፣ ምሉእ ብምሉእ ተለዊጠ። ጓል መረብ'ኳ ኣየናይ ክትብሎ! ቅድሚ ሎሚ ኣንዳዕዲዓ ትፈልጦ ባህረይ ስለ ዘይነበራ። ኣብ ፊተይ ቂይማ ከተዕልል፡ ልክዕ ንፈትሊ ከም ድልድል ገይርካ ምስጋር ተሓስቦ ነይሩ። እንተ ተራሲና እንተ ወሲና፡ ተቢዓ'ያ ረኺባትኒ። እምበርከ ክንዲ ሽሩብ ክሻ ሽቓልቀላ፡ ቅድሚኣ ኣብ እዝነይ በጺሑ'ዩ። እንታይከ ክብላ ኢለ፣ ግን ኣማዕድያ እትርእዮ ክንደየናይ ከይምሳጥ ኢሉ። ኩሉ ምስ ትፈልጦ ጥራይ'ዩ ምቁር። ድሌታ ክሰምዕ ኢለ ካልእ መሲሉ። ንሾሉ ሳዕ ኣይኩነን፣ ምልዋጠይ ናይ መዓልታት ከም ዝኸውን ዝስሕቶ ኣይኩንኩን። ብፍታወይ ዝላማመዶ ስለ ዝነበረ'ውን ዝብርትዓኒ ኣይኩነን። ካብቲ ምዉቕ ዕላል ዋዛ ሰሪሕካ ንምሕጓስን ምንጻህን ምድላው'ዩ። "ክትደፍር ዘይትኽእል ጉብዝ" ክትብለኒ ትርግታ ልባ ክንደይ ወቒዓ ትኸውን። እንተ እቲ ክፎኾሶላ ምድልየይ ንኣይ'ውን ፈኾሱኒ፣ ሕሽ ኢሉኒ። ኣብ ገለስ ቅልል ምባል ኣድላዪ እዩ መስለኒ። በቲ ዝገበርን ዝብሎን እስሕቕ። ሰሓቕ እንተ ሃልዩዎ፡ ጭቃ ሓጉስ ምስ ሰቲ ዕጋበት ኣበይ ከይሰኣኖ ኢልኪዮ። "ክትፎኾሶ ክትብል ግና ዝሓለፈ ክንተቲት ኣይትኹን!" ክብል ኣዘዘ ውሽጠይ።

ሰንቀይ ካባይ ሓሊፉ ንጓል መረብ ብምሒር ጸጋብ ክትሰግድ ክኽእላ ወፍየዮ። ቅድሚ'ቲ ናይ ድሕሪት ሰጉምቲ፡ ናይ ክልተ ሰለስተ ርክብ ክወሃባ መደብ ኣውጺኣ። ብሑፋን መልሰን ዝተዓጀበ ዕዋቀይ፡ ካብ ሎሚ ሓሊፉ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ከም ኣብ እምኒ ዘተወቐረ ቃል ክኸውን'የ ዝደሊ። ጓል መረብ እናኸርእያ፡ ጥልቀይ ምግራማ ሓጺቡ ዝሰጠሐ ፍሹሽት ኩለንትናይን ንጽንቁቐ ስክፍታኣን ኣብ ትርኢታ ይበራረየሉ።

ኣብ መንገ ዕላል ኣደንጊጽ ተብለኒ። ሕቶታተይ መገለጺዩይ ወይ ለዘዝታ ውሽጣዊ ባህግታተይ ምኺኖምን ዘይምኺኖምን ክትፈልጥ ዝተሸገረት ትመስል። "ኡፍ...!" እናበለት ክትሃድእ ትደሊ። ህድኣታ ጥርዚ ጫፍ ክበጽሕ ይልምነኒ'ሞ ምስ ነብሰይ ኣዕልል። "ስለምንታይ እቲ ሓቂ ዘይትነግራ?" ዝብል በቲ ሓደ፣ "ንመንፈሰይን ሓይለይን ከዛኒ ምስላዊ ዕላል ከቓድመላ ደልየ" ዝብል ከኣ በቲ ሓደ ይፈታተነኒ።

ጓል መረብ ቀጭን ኩሉምሉ ሕውስውስ ኢሉዋ። ቅድሚ ሌላ ዝነበራ ስኢሊ ምስዚ ናይ ሕጂ ዘዛምድ ስኢናትሉ። ጥማዕ ሕቶኣ ሰሚዐ ኬፍ እናሃበኒ ክምልስ እንከለኹ፡ "ኣይትስሓቕ! ጽውግ ክትብል እንከለኻ ኢኻ ባህ ትብለኒ" ትብለኒ። ድራረይ! ኣብ ፈለማ ተስተማቕሮ ነገር ኩሉ ግዜ ፍሉይ እዩ። ማር ማር ዝብል ፈተናይ ከም ዝተሳሕለ ጉራዴ ክንጸባርቐላ እርእየ። ብደዋ ሓይላ ወጺኣ ዛዕ ክይትብል ፈሪሐ። ክትምልስ እናኸእለት፡ "ኩሉ ክትፈልጦ'ባ ኣይትድሊ" ትብለኒ። ቀሩብ ጸኒሓ ከኣ ገለ ፈይ ተብለለይ። በተን ፈይ ፈይ ከኣ ዕማኾ ንኽሰርሕ ንሕቶታተይ ካብ ምስዓድ ኣየዕረፍኩን።

ፈተን ናብቲ ቀረባ ዘለዎ መድረኽ ዘብጽሕ መሰርሕ እዩ። ንእኡ ሓሊፍካ ምስ በጻሕካዮ ከኣ ካልእ ጥንክር ዝበለ ፈተን ይቕበለካ። "ህይወት ፈተና'ያ። ብውጽኢታና ከኣ ንነብረላ" ንብል፣ ኣብቲ ፈተን ሰግኣታን ንጽህናኣን ርእየ። ካብቲ ፈተና ሓሊፈ ኣብ ባህግታታ ከተዕልል እንተ ኩይና ግን ዘይናታ ሸፋን ኣሎዋ ኢለ ሓሲበ ድራረይ። ክእርዎ እንተ ኩይኑ መጀመርታ ባዕለይ ክእረም ስለ ዘሎኒ ነጺህ እቲ ሓቀኛ ባህረይ ነጊረያ። ስክፍታይ ብቐራሪቦ ግሉጽነት ድሕሪ ኅቦ ተደርቢዩ እዩ። ከመይ ኢላ ክትኣምን፡ "ስለምንታይ?" እናበለት ንመልሰይ ተፃንጥያ። ብሓቂ ነዚ ፈተን ክዳሉ ካበይ ዝኾቐለ መንደረጋሕ ትዕቢት'ዩ ኣንክራርዩኒ ክነግረኪ ኣይክእልን'የ። ትእመን ኣይትእመን ካብዛ ደቒቕ ንዘሎ ግዜ'ያ ብልክዕ ክትፈልጠኒ እትጀምር፡ "ሓዳስ ዓለመይ ሰሪሐ፣ እዚ ኩሉ ወጥሪ ነቲ ናይ መሓዛ ጻውዒትኪ ምእንታን ብምልኣት ክሰምዖ'ዩ" ምስ በልኩዋ ግርም ኢሉዋ። ክሳዕ ሕጂ ንጓል መረብ ኣይፈልጠኩዋን ዘለኹ። 'ክልተ ጉራሓት...' እዩ ነገሩ። ኣነ ግን ቀልጢፈ ኣላሽ ኢለ። ናይ ጓል መረብ እልልታ ሓጉስ፡ ኣውያት፡ ቃንዛ ግን ከተትንበየለይ ሃሪፈ ኣለኹ። እንተ'ቲ ከም ናይተይ ዝነበረ ገጸ ባህሪኣ ቀንጢጣ ብግህደ ንኽትቃላዕ "ሓደ መዓልቲ ክነግረካ'የ" ኢላትኒ ጓል መረበይ - ተፈታኒት መሓዛ።

ማእዝን

## ኣይተግድዕኒ ጥሪ

"... ሓምለ ሓሊፉ ኣርኪቡ ሰነ

ጥሪ ምርቅፍ ኢሉ እናበነነ

ዕድመን ቀንጃናን ወይ'ዚ ሓላፊ

ዘይሰምና ጥራይ'ዩ ጽባሕ ተራፊ..." - ፌሽን ጸ.

ሕጂ ስለምንታይ ብኣኺ ምሕሳብ ጀሚረ ክምርምር ፈቲነ። ዝረኸብኩዎ ነገር ግን ዳርጋ የለን። ምዕራፋት ህይወት ከም ዓጥር ተር ኢሎም ደመጹኻ ይኸዱ እቲ ዝደለዮ ነገራት በብግዜኡ እናረኸብኩዎ መጺአ እየ። ሕጂ መጻምዲ ምድላየይ ግዜኡ ዝኣኸለ ምዕራፍ ጥራይ ምኻኑ ንነብሰይ ክእምና ፈቲነ። ጥሪ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ስቕቕታ እናኹንኪ ተኽዲ ኣለኺ። ብኣኺ ምቅንዛው ካብ ዝጀምር ኣይወሓደን፣ ምናልባት ጉዕዞ ህይወተይ ዘቐይመኪ እንተ ነይሩ ዝተቐዝዘኩዎ ኣይወሓደን'ሞ ይቕረ በለለይ! ሓደራኺ ጥሪ ... ኣይተሃብኒ ንቕሪ!

"... ታሕሳስን ጥሪን ቀሪ'ንድዩ ቀሪ

ኣለኹ በለ'የ በጃኻ ፍቕሪ...

...ናዓናይ ንኺድ ሳንደ'የ ሳንዳይ

ናብ ዘለውዎ ናብ ምብራቕ ጸሓይ።"

መሓሪት ሰ.

# ብምንታይ'የ ክዝክረኪ!

10 ታሕሳስ 2025 ኣስመራ



ኩሉ ነገረይ ኣሕዲክኒ ኢኺ። ከም ተረገጹ ዝተወደአ ንቑጽ ሳዕሪ፣ ከም ተጋሂጹ ጥርሑ ዝተረፈ ዕፋን፣ ከም ኣቐጽልታ ዘርገፈት ገረብ ገይርኪኒ። ጥርሐይ ተሪፈ። ቅድሚኺ ዝነበረ ዓመታት ቀልዕነተይን ትምህርተይን ተሓዋዊሱ እንታይ ከም ዝሓሰብ፡ እንታይ ከም ዝገብር፡ እንታይ ከም ዝኸውን ኣይፈልጥን ነይረ። ቀልዕነተይ ደንጉዩ በልየለይ። ኣብተን ዝሓለፋ ዓመታት ዘዘንኣሰ ምዕራፍ ህይወተይ በጺሐየ። ሓድሽ ዓለም ጀሚረ፣ ህይወተይ ዝለወጠት ኣፍቃሪት ረኺበ፣ ናብራይ ተሰፋ ረኺበሉ፣ ሕልመይን ራኢየይን ምስ ኣፍቃሪተይ መጺኡኒ፤ ህይወተይ ብሓጉስ ክኑብር ጀሚረ።

ኩሉ ጉዕዞይ ምስ ፍቕርተይ ዝተተሓሓዘ እዩ። ክልተ ሰንጊ ብሓደ እናዓመምኩ ንኣኺ ተጸንቢረኪ። ኣጀማምራይ ጽቡቕ ብምንባሩ፡ ንስኺ ሓጉሰይ ዝዓበየ፣ ሕልመይ ዝገዘደ፣ ራኢየይ ዝቐርበ፣ ፍቕርተይ ትሕጉሰ፣ ካባይ ትጽበዩ ክሰምረላ ተመንየ ተቐቢለኪ።

2025 ጉደሎ ስለ ዝኾንኪ ኢኺ ኩሉ ነገረይ ኣጉዲልኪዩ። እተን ዝመጽኣ ዘለዋ ጉደሎ ዓመታትኪ ከም ናትኪ ክፈድያኒ ክጸበየን ድዩ ዘለኒ? እስከ ኣፍ ኣውጺእኪ ንገርኒ። ነፍሲወከፍ ጸላኢ ብራቕ ንኣዓይ ሓዳሽ ዓመት'ያ ነይራ። ምስ ፍቕረይ ምንባር ዝጀመርኩላ መዓልቲ ሓዳስ ዓመተይ እያ፣ ብምዕዶኣን ክንክናን ሕመቐይ ዘደርበኹላ መዓልቲ'ውን ከምኡ። ሓዳስ መዓልቲ ናይ ሓድሽ ምዕራፍን ዓመትን ቁጺረየ እንድየ። ቅድሚኺ ዝነበራ ዓመታት ክኣትዋ እንክለዋ ከምዚ ናትኪ ኣይገበርኩን። ናትኪ ግን ንበይኑ እዩ። ምስ ፍቕርተይ ምእንታን ጽቡቕ ምሸት ከምሲ፡ ምእንታን ክትሕጉሰለይ ኢለ ብድሮ ዝኣተኽሉ ድግስ ገይረ ተቐቢለኪ። ከም ብዓልቲ ጽቡቐይ ብሓጉስን እልልታን ተቐቢልክኪ። ኣንቲ ዘይትሓኳኸኺ! ቀሩብ'ኳ መንፈቕኪ ዘይተሕልፊ ዝነበርኪ። ኣብ ሰሙንኪ ካብ ዝናፍቕ ኣቦይ ፈሊኺኒ፡ ዘለምድኩዎ ናብራ ከም ብሓድሽ ኣጋይሸክኒ፡ ንመደበሰታ ሓዘነይ ግዜ'ኳ ኣይሃብክንን፣ ብሓወይ ደጊምክኒ፡ ብኽንደይ ደርጉስጉስ ኩሉ ክኢለ እግረይ ኣብ ምትዕርራይ፡ ብህይወት እንክላ ካብ ፍቕርተይ ፈሊኽኒ።

ብሰለስተ ማእዝን እናኣማዕደኹ ክንዓዝዝ ዘኽኣለትኒ ካብ ዕጹው መጋረጃ ናብ ጋህዲ ዓለም ዝሓወሰትኒ፡ ሕመቐይ ቀንጢጣ ተሰፋይ፡ ሕልመይን ራኢየይን ዘዋሰበት ፍቕርተይ፣ እናረሳኹን እናሰማዕኩን፣ እናፈተወተኒ፡ እናረኣየትን እናሰመዐትን ካባይ ፈሊኺያ። ከም ኩሉ ሰብ፡ ከምታ መራር ጸላይ፡ ከም ናይ ህይወት መከራ ኣብ ምጓዳኪ እናለዘብኩን እናተፈታትኽን ክትኪዲ'ሞ፡ መወዳእታኺ ክምቅረለይ ተጸብየ። ናትኪ ግን ዕራርቦኺ ከም ታሃንኪ ተንድድሉ ቀተሪኺ። እዩ ኩዩቱ። ኣማሪረ ዘይፈልጦ ከም ዘሞርር ገይርክኒ። ጸዋር ስድራይ፡ ኣዕሩኽይን ቀረብተይን ከም ዘይነበሩ ኢዶይ ሂቦ ከም ዘጸሩ ገይርኪ።

ካ ትመጽእ ዘላ ንጽህቲ ዓመት ረጊእ ክቕበላ ክፋእኪ ቀልጢፉ ክውዳእ ነይሩዎ። ሕማመይ፡ ቃንዛይ፡ ናፍቖትየን ጽምዋይን እናቋለወኒ ን2026 ከም ናትኪ ብፈንጠዝያ ኣይቕበላን እየ። ኣብቲ ሕልመይን ራኢየይን ዝምለሰኒ መዓልቲ፡ ኣብቲ ደገፍን ድምጽን ፍቕርተይ ዝሰምዓሉ መዓልቲ፡ ከም ሓዳስ ዓመት ክጅንብላ እየ። ክክፋኡ ምሳኺ ይዋፈኣለይ። 2026 ምሉእ ቀጽሪ ከም ምኻና ምልኣት ይፍጠረለይ። ንህይወተይ ምስ ቀጽርታት ክተኣሳሰር ፈትየ ኣይኩኑኩን፣ ብኣኺ ሰኪሐ እየ። ናይተን ኩለን ዝሓለፋ ዓመታት ሕሰም ድኺ ኣኪብክለይ። ናይተን ዝመጽኣ ሓዊስኪዮ እንተ ኬንኪ ሓደ መዓልቲ ቃለይ ዓጺፈ ይምርቐኪ እኸውን። እንተ ዘይኩይኑ ብዓመት ምህረት ክሓስብ እንከለኹ፡ ናትኪ ጽቡቕ ዝኸሪ ኣይክህልወንን እዩ። ኣንቲ! እንታይከ ገደሽኪ ክንዲ'ዚ ትጽልኢ? ጽልኢ ዘይፈቱ ክስሰይ ከም ዝጸልእ ገይርክኒ። ንስኺ ኣይዓመተይን ኢኺ። ከመይ ገይረ'ሞ ክዝክረኪ'የ - 2025!

ወዲ ጃብር

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኸለ

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ጀላቡ መጥቃዕቲ ትቕጽል

ኣመሪካ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ሰላማዊ ውቅያኖስ ኣብ ልዕሊ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ጀላቡ ብዘፈጸመቶ ሓደሽ መጥቃዕቲ፡ ሸሞንተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ገለጸ።

እዚ ሓደሽ መጥቃዕቲ፡ ኣመሪካ፡ ኣብ ላቲን ኣመሪካ ተኻታታሊ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን ዝተፈጸመ ኮይኑ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ንሓንቲ ኑዳዲ ዝጸዓነት መርከብ ቬንዙዌላ ኣብ ቀጽጸር ድሕሪ ምውዓሉ ሒደት መዓልታት እዩ ዝኾነ ዘሎ።

ቤት ጽሕፈት ሓይልታት ኣመሪካ እዚ ደቡብ (ሳውዝኮም) ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ብመምርሒ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰት መሰረት፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ኣህጉራዊ ማያት ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ሰለስተ ጀላቡ ዒላማ መጥቃዕቲ ከም ዝኾና ገለጸ።

ሳውዝኮም፡ ብድምር ሸሞንተ ሰባት ቡቲ መጥቃዕቲ ከም ዝተቐትሉ'ውን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ወሲኹ ሓቢሩ።

“ኣብታ ቀዳመይቲ ጃልባ ሰለስተ፡ ኣብታ ካልኣይቲ ክልተ፡ ኣብታ ሳልሰይቲ ድማ ሰለስተ ሰባት ተቐቲሎም” ዝበለ ሳውዝኮም፡ እቶም ዝተቐትሉ ሰባት ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ተዋፊሮም ምንባሮም ግን ዝኾነ መርትዖ ከቕርብ ኣይከኣለን።

ኣመሪካ፡ ካብ ዝሓለፈ መስከረም ጀሚራ ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስን ኣብ ከባቢ ቬንዙዌላ ኣብ ዝርከብ ክፋል ባሕሪ ካሪብያንን ኣብ ልዕሊ ዓሰርተታት ጀላቡ ብዘካየደቶ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ፡ ዛጊት ብውሑዱ 90 ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

እዚ ድማ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝፈጸሞ ቅትለት ከም ዝኾነ፡ ክኢላታት ኣህጉራዊ ሕጊ ይነቕፉ ኣለው።

ቬንዙዌላ፡ መጥቃዕትን ምትእኽኻብ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመሪካን ኑቲ ዘይተኣደነ ዕቑር ናይ ኑዳድን ጋዝን ባህርያዊ ሃብታ ንምዝማት ዝዓለመ ምኳኑ እያ ክትከስስ ጸኒሓ።



## ታይላንድ፡ ኣብ ካምቦድያ ዝተዓግቱ ዜጋታታ ንምምላስ ትሰርሕ

ግጭት ታይላንድን ካምቦድያን ካልኣይ ሰሙን ሒዙ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ መንግስቲ ታይላንድ፡ ምስ ካምቦድያ ኣብ ዘራኽብ መሳገሪ ዶብ ተዓጊቶም ንዘለዉ ከባቢ 6 ሽሕ ዝኾኑ ዜጋታቱ ናብ ሃገሮም ክምለሱሉ ዝኽእሉ መንገዲ የናዲ ከም ዘሎ፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሉስ ገሊጾም።

ወተሃደራት ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኣብ'ቲ 817 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ ናይ መሬት ዶብ ኣብ ሓያሎ ቦታታት ይዋግኡ ከም ዘለዉ ዝገለጻ ታይላንድን ካምቦድያን፡ ዋላ እኳ ኩናት ደው ንምባል ኣህጉራዊ ጻዕርታት ይካየድ እንተ ሃለወ፡ ክሳብ ሕጂ ግን እቲ ግጭት ናይ ምህዳእ ምልክት ከም ዘየርኣየ ኣመልኪተን።

ካምቦድያ፡ ድሕሪቲ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ካብ መረብቶም ዘመዛበለን ንኣስታት 40 ሰባት ድማ ግዳይ ሞት ዝገበረን ግጭት ክልቲአን ሃገራት፡ ኣብ ከተማ ፖይፐት ንዝርከብ መፈተሺ ነቑጣ ብምዕጻዋ ኣሽሓት ታይላንዳውያን ሰራሕተኛታት ናብ ሃገሮም ንኸይምለሱ ተዓጊቶም ከም ዘለዉ እዩ መንግስቲ ታይላንድ ዝሓበረ።

መራሒ ካምቦድያ ነበር ሁን ሰን፡ ምዕጻው እቲ መፈተሺ ነቑጣ፡ ሓይልታት ታይላንድ ኣብ ልዕሊ ሰቪል ሰባት ክፍጽምዎ ካብ ዝኽእሉ መጥቃዕትታት ንምክልኻል ዝዓለመ ምኳኑ ገሊጹ።

ካብ ወግእ ነጻ ኣብ ዝኾኑ ከባቢታት ግን፡ ነቑጣታት መፈተሺ ክፉታት ከም ዘለዉን ንህዝቢ ኣየር ድማ ገደብ ከም ዘይተገበረሉን እቲ ብዓል ስልጣን ነበር ወሲኹ ሓቢሩ።

ታይላንድን ካምቦድያን፡ ንምጅማር እቲ ግጭት ኣመልኪተን ንሓድሕደን ኣብ ዝወቓቐሳሉ ዘለዋ እዋን፡ ማሌዥያ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ተበጺሑ ዝነበረ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ዳግማይ ንምብርባር፡ ዝመጽእ ሰሙን ፍሉይ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤሽያ ከተኻይድ ምኳና ኣፍሊጣ።



## ሰኔጋል፡ ንኤኮዋስ ክትመርሕ ተመሪጻ

ሰኔጋል፡ ንቁጠባዊ ዞባዊ ውድብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኤኮዋስ)፡ ካብ 2026 ክሳብ 2030 ክትመርሕ ከም እተመርጸት ተሓቢሩ።

እቲ ውሳኔ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ኣቡጃ - ናይጀርያ ኣብ ዝተኻየደ መበል 68 ስሩዕ ኣኼባ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ኤኮዋስ እዩ ተመሓላሊፉ።

ሰኔጋል፡ ንፈለማ እዋን እያ ኑቲ ቀጠባዊ ውድብ ክትመርሕ ሓላፍነት ተዋሂብዋ ዘሎ።

ፕረዚደንት ሰኔጋል ባሲሩ ዲዮማየ ፋዬ፡ ኣባላት ኤኮዋስ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ እምነት ከንብራ ብምኽኣለን ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ተራ ኤኮዋስ ኣብ ሰላምን ምርግጋእን ናይ'ቲ ዞባ ዝያዳ ንምሕያል ክሰርሕ ምኳኑ ቃል ኣትዩ።

ዕማማት ፕረዚደንት ኤኮዋስ፡ ዞባዊ ፖለሲታት ምትግባር፡ ምውህሃድ መደባት ልምዓት፡ ንኤኮዋስ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ምውካል፡ ከምኡ'ውን ወጽኢታዊ ምሕደራን ሓላፍነታዊ ኣጠቓቕማ ፋይናንሳዊ ጸጋታትን ምርግጋጽ ከም ዘጠቓልል ይሕበር።

ኣብ 1975 ዝተመስረተ ኤኮዋስ፡ ቡርኪናፋሶ፡ ማሊን ኒጀርን ኣብ ጥሪ 2025 ካብ'ቲ ውድብ ከም ዝወጻ ብወግዒ ድሕሪ ምግላጸን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 12 ኣባላት ጥራሕ ኣለዋኦ።



## ፖሊስ ኣውስትራልያ፡ መጥቃዕቲ “ቦንዲ” ብኣባላት ዳዒሽ ከም ዝተፈጸመ ገሊጹ

ፖሊስ ኣውስትራልያ፡ ኣብ ከተማ ሰድኒ ኣብ ዝርከብ ገምገም ባሕሪ ቦንዲ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ይካየድ ኣብ ዝነበረ ጸምብል ኣይሁዳውያን ህይወት 15 ሰባት ዝቐዘፈ መጥቃዕቲ ፈኩሰ ብረት ብምፍጻም ዝተኸሰሱ ክልተ ሰባት፡ ብዕጡቕ ጉጅለ ዳዕሽ ዝተላእኩ ምኳኖም ሓቢሩ።

ብዘወሳኺ፡ እቶም ጥርጡራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ናብ ፊሊፒንስ ንዝነበርዎ ጉዕዞ ይምርምር ከም ዘሎ፡ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ፖሊስ ፊሊፒንስ ብወገኑ ኑቲ ጉዳይ ብደቂቕ የጽንዖ ከም ዘሎ ሓቢሩ ኣሎ።

ምስ ዳዕሽ ምትእስሳር ዘለዎም ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ኣብ ገለ ክፋል ፊሊፒንስ ብፍላይ ድማ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ይንቀሳቐሱ ከም ዘለዉ ይንገር።

ሓደ ካብ'ቶም ኑቲ መጥቃዕቲ ፈጺሞም ዝተባህሉ ጥርጡራት ወዲ 50 ዓመት ሳጂድ ኣክራም ዝተባህለ ኮይኑ፡ ምስ ፖሊስ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ተኹሲ ልውውጥ ከም እተቐትለ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ ኣቡቲ መጥቃዕቲ ምስኡ ከም እተሳተፈ ዝተገልጸ ወዲ 24 ዓመት ወዱ እውን ብጽኑዕ ተሃሪሙ፡ ከም ዝቘሰለ ኣብሪሆም።

ብመሰረት ሓበሬታ ፖሊስ፡ እዞም ኣቦን ወድን፡ ኣብቲ ገምገም ባሕሪ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ጸንበል ኣብ ልዕሊ ዝሳተፉ ዝነበሩ ኣማኢት ሰባት ዝኸፈቱዎ ተኹሲ፡ ንኣስታት 10 ደቓይቕ እዩ ቀጺሉ።

ኣብ እዋን'ቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ኣሕመድ ኣል ኣሕመድ ዝተባህለ ሶርያዊ ኣውስትራልያዊ፡ ንሕቡኡ ኣብ ሓደጋ ብምእታው ካብ ሓደ ዕጡቕ ብረት መንጠሉ፡ ኑቲ ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲ ደው ከብል ብምኽኣሉ፡ ብመንግስቲ ኣውስትራልያ ተመጒሱ።

እዚ ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት ካብ ዝተፈጸሙ ተመሳሰልቲ መጥቃዕትታት እቲ ዝኸፍአ ተባሂሉ'ዩ ተመዝጊቡ ዘሎ። ቡቲ ኣብ “ቦንዲ” ዝተባህለ ገምገም ባሕሪ ኣውስትራልያ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ብዘይካ'ቶም ዝሞቱ 15 ሰባት፡ ብኸቢድ ዝተሃሰዩ ዝርከብዎም ኣስታት 25 ሰባት እውን ከም ዝቖሰሉ ምንጭታት ሕክምና'ታ ሃገር ኣረዲኦም።



## ኤም 23፡ ካብ ምብራቓዊ ክፋል ኮንጎ ክስሕብ ወሲኑ

ብሩዋንዳ ከም ዝድገፍ ዝንገረሉ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ‘ኤም 23’፡ ብመሰረት ጸውዒት መንግስቲ ኣመሪካ፡ ካብ'ታ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተቘጻጸራ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ እትርከብ ከተማ ኡቪራ ክስሕብ ምኳኑ ሓቢሩ።

መራሒ ናይቲ ንጉጅለ ኤም 23 ዘጠቓለለ ልፍንታዊ ኪዳን ተቓወምቲ ሓይልታት ኮንጎ (AFC)፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኤክስ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ብመሰረት ኣመሪካ ዘቕረበቶ ናይ ሽምግልና ሕቶ፡ ኣባላት ኤም 23 ካብታ ኣብ ጥቓ ዶብ ብሩንዲ እትርከብ ከተማ ከም ዝስሕቡ ኣረጋጊጹ።

ኤም 23፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኑታ ስትራተጂያዊት ከተማ ብምሓዙ ኑቲ ቅድሚ ሒደት መዓልታት ብመንጎኛነት ኣመሪካ ኣብ መንጎ ኮንጎን ሩዋንዳን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም፡ ከምኡ'ውን ኑቲ ኣብ ዶሓ - ቐጠር ቡቲ ጉጅለን መንግስቲ ኮንጎን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኣብ ሓደጋ ከም ዘእተዎ እዩ ብሓያል ወገናት ክውቀስ ጸኒሑ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 17/12/25 | ኀደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services